# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.213 | ሓሙስ 7 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ቻይና፡ ካብ ፋወሳ ብነውጺ ክመይ ኣምለጠት፧

ገጽ 4 ረፈረንደም፡ ንሕጋዊ መሰል…



ገጽ 5 ወርሒ ሓበን



ገጽ 7 ምልክታ


## ኣብ ትኹልን ማይ-ዕዳጋን፡ ብሞያ ዝሰልጠና ደቀንስትዮ ተመረቓ

ኣብ ትኹልን ሓወሲ ከተማ ማይ-ዕዳጋን - ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ብሃገደኤን ሃማመተኤን ኣብ ዝተወደበ ሞያዊ ስልጠና ዝተሳተፉ ኣሰታት 150 ደቀንስትዮ፡ ተመረቓ።



ስእሊ. ሲራክ ተስፋሚካኤል

እቲ ንኣሰታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ስልጠና፡ ስራሓት ካይላ፡ ክንክን ቁርበት፡ ከምኡ'ውን ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ማይ-ዕዳጋ ኣቶ ኣወልከር ዓሊ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰልጠንቲ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝጸንሐ ተማኩሮ ዝደርዕ ስልጠና ብምርካበን ተወዳዳሪ ፍርያት ከቕርባ ትጽቢት ከምዝግበረለን ገሊጹ።

ሓላፊት ሃገደኤ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂን ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣብራሃን ብወገኖም፡ ሰልጠንቲ ፍርያተን ብዓይነትን መጠንን ንምዕባይ ክሰርሓ ተላቢዮም።

ፕረዚደንት ሃገደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ብወገና፡ ንደቀኣንስትዮ ዝውሃብ ስልጠናታት ኣፍራይነተን ናይ ምግባር ዓቕመንን ዝሓይል ከምዝገብሮ ብምሕባር፡ ኣብዚ ከባቢ ዝርከብ ትካላት መንግስቲ ንሰልጠንቲ ናይ ስራሕ ባይታ ኣብ ምፍጣር ክተሓጋገዙ ኣዘኻኺራ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተሳተፍቲ ብሰልጠንቲ ዝፈረየ ስራሓት ካይላ ተዓዚቦም።

## ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ቅነ ውዳበ መንእሰያት ተመሃሮ ተኻዩዱ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ - ንኡሳን ዞባታት ማእከል ደንካልያን ዓሰብን "ንቕሓት ብምብራኽ ውዳብ ምሕያል" ብዝብል ቴማ፡ ቅነ ውዳብ መንእሰያት ተመሃሮን ውዳቤታት ምምሕዳራት ከበቢን ተኻዩዱ።

ኣብዚ ካብ 23 ሚያዝያ ክሳብ 3 ግንቦት ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ ትምህርታውን ባህላውን መደባት፡ ያታዊ ባህሊ ብሄራት ኤርትራ፡ ዘመናዊ ትልሂት፡ ድራማን ግጥሚን፡ ምርኢት ቅዲ ኣልባሳት፡ ምርኢት ምህዞን ሰነዳን፡ ቅብኣ ቁሸት መሓበሮ፡ ሓፈሻዊ ፍልጠትን ካልእን ዘጠቓለለ ማሳዕድኣታት ቀሪቡ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓሰብ ኣቶ ዓሊ ኣሕመድ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ እቲ ዕላማ ንቕሓት መንእሰያት ብምብራኽ ውዳቤታቶም ንምሕያል ከምዝተኻየደ ብምጥቃስ፡ ዝምስገን ትሕዝቶ ከምዝቐረበ ገሊጹ።





ወኪል ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓሰብ ኣቶ ብርሃ ኪዳን ወኪል ኣኪያዲ ስራሕ ን/ዞባ ማእከል ደንካልያ ኣቶ ኣሕመድ ኣደምን ብወገኖም፡ እቲ ውዳብ እናተመሓየሸ ይመጽእ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ንዝበረኸ ውጽኢት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሮም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ መምህር ፍስሃየ ኪዳ ድማ፡ ተመሃሮ ጎኒ-ጎኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም፡ ብሃገራውነት፡ መንነትን ባህልን ክኹስኮሱ ኣጉዳሲኑ፡ ልዑል ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ቅነ ውዳቤታት ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ዑስማን ዓብዱልቓድር፡ እቲ መደብ ብትሕዝቶ እናሓየለ ምምጽኡ መርኣያ ኣጉዳሲኑ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ወህደት ናይ ኩለን ኣካላት ክዓዚዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዕወታት ሽልማት ተዓዲሉ።

### ጋዜጣዊ መግለጺ

## "ምልዓል እገዳ"

ኣብ'ዚ፡ እቲ ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝጸንዐ ዘይምኽኑይ እገዳታት ንኽለዓል ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ተገዳስነት ከምዘሎ ዝእመተሉ ዘሎ ህሞት፡ ንታሪኽን ኑቲ ዝበሃል ዘሎ ቅኑዕ ኣንፈት ንምትሓዝ፡ ንድሕሪት ተመሊስካ ዕቱብ ገምጋም ምኽያድ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ መወዳእታ 2009፡ ኣብ ቅንያት 'ክሪስማስ'፡ ምምሕዳር ኦባማ ዝፈብረኾን ዝደፍኣሉን፡ ዝኾነ ጭብጢ ወይ መርትዖ ዘይነበሮ፡ ዝኾነ ሕጋዊ መሰረት ዘይተኸተለ ዓላቕ እገዳ፡ ብስም ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ተበዩኑ። መጐታዊ ከኸሰ፡ ሽዑ ኣዊጅና።

እቲ ዝገርም፡ ሽዑ - ናይ ፌደረሽን ሩስያ ወኪል ኣብ ኒውዮርክ፡ ንናይ ምምሕዳር ኦባማ ዓሎቕ ብምሉእ ኪድግፍ ከሎ፡ ናይ ቻይና ወኪል ከኣ ስማዊ 'ኣብስተንሽን' ኣብ'ቲ ግሁድ ዓሎቕ ኣመዝጊቡ።

ድሕሪ ናይ 9 ዓመታት ኣዕናዊ ሳዕቤናት ናይ'ቲ ዓላቒ እገዳ፡ ኣብ 2018 "እገዳ ይለዓል ኣሎ" ምስ ተባህለ'ውን፡ ዋላ'ኳ ደንጉዩ ዝመጸ እወታዊ ስጉምቲ እንተነበረ፡ "የቐንየልና" ኣይበልናን። ምእንቲ ሓቂን ፍትሒን ክረጋገጽ፡ "ብቐደሙ ስለምንታይ እገዳ?" ኪምለሽ ኢና ጠሊብና። ዛጊት ከኣ ኣይተመለሸን። ንሽግር ዝድግፍ ዝነበረን ዘሎን መን'ዩ? ናይ ዓላቕ እገዳታት ተሓታቲ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ይቕረብ!

ከም መቐጸልታ ዝምቡዕ ሕርያታት፡ ምምሕዳር ባይደን ንኣመሉ፡ ኣብ 2021 ዓላቕ ዘይሕጋዊ በይናዊ እገዳታት ወሲኑ። ጭንቀትን ቅርሕንቲን ዘበገሶ ዓሎቕ'ዩ ነይሩ። ኣብ ሰዓቱ ኸኣ ተኹኒኑን ተመኪቱን።

ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት፡ ምምሕዳር ባይደን ዝበየኖ ዓልቀ እገዳ ተላዒሉ ተባሂሉ። ደጊምና ፍትሒ ይረጋገጽ። ደግሲ ባይደናት ከይመላለስ፡ ፍወሳ ዝምቡዕ ፖሊሲታት ይገበር።

ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ፡ እቲ ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተበየነ ዘይሕጋዊን በይናዊን እገዳታት ኣብ ቀረባ ግዜ ክለዓል'ዩ ዝብል ጸብጻባት ኣሎ። እዚ ስጉምቲ'ዚ፡ ኑቲ ግጉይ ፖሊሲታት ብዘላቕነት ብምእራም፡ ፍትሒ፡ ሕጋውነትን ርትዒን ዘረጋግጽ ክኸውን ተስፋ ንገብር።

ሚኒስትሪ ዜና

ኣስመራ

6 ግንቦት 2026


ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا ... ضماننا

OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

ዜና

# ጋሽ-ባርካ - ንኣተሓሕዛ ንብረትን ሰነዳትን ዝምልከት ስልጠና ተዋሂቡ



ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ፣ ብ3 ግንቦት ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ንዝርከባ ኣባላት ምምሕዳርን ፋይናንስን ከምኡ'ውን ርእሰ-መማህራን ኣብ ኣተሓሕዛ ንብረትን ሰነዳትን ዘተኩረ ስልጠና ወሃበ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ እስቲፋኖስ ሃብተጽዮን፡ ኣብ ምሕደራ ንብረትን ገንዘብን መምርሒታት ዕድግን ኣጠቓቕማን ከምኡ'ውን ኣቀራርባ ጸብጻብ ቀዋሚ ንብረትን ሰነዳትን ክርአ ዝጸንሐ ሕጽረታት ንምእራም ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ተሰነይ መምህር ኣደም በሺር ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ምምሕዳርን ምምእዛንን ዘለዎ ሓላፍነት ስለዝለዎም፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብዋገኡ ክሰርሕሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ገብረእየሱስ ድማ፡ ደሐን ይንኣስ ዝንቀሳቐስ ንብረትን ገንዘብን ምዕሩይ ኣተሓሕዛ መታን ክህልዎ፡ እቲ ስልጠና ኣገዳሲ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

## ኣብ ሸዕብ-ሰለባ፡ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ መነባብሮ ኣበርክቶ ይገብራ

ብበጀትዋ ዝተዋደዳ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ህይወቶም ርግኣት ከምዝፈጠራ፡ ነበርቲ ሸዕብ ሰለባ - ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ገለጹም።

ቅድሚ ናጽነት ኣብ'ቲ ከባቢ ዝጥቀስ ትካል ከምዘይነበረ፣ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ብዝተገብረ ወፍሪ ግን፡ ኣገልግሎታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ጽሩይ ዝስተ ማይን ጽርግያን ከምእተዋደደ ኣብሪሆም።

ኣቐዲሞም ናይ ትምህርቲ ዕድል ይኹን ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ንምርካብ ካብ 12 ክሳብ 34 ኪሎሜተር ናብ ዒላበርዕድን ከረንን ክጓዓዙ ይግደዱ ምንባሮም፣ ዝስተ ማይ'ውን ጽሬቱ ዝተሓለወ ከምዘይነበረ ብምግላጽ፡ ሎሚ እዚ ኹሉ ብቐረባ ተማሊኡሎም እፎይታ ከምዝረኸቡ ሓቢሮም።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ምስጉን ተስፋሚካኤል ብወገኑ፡ ኣገልግሎት ቀረብ ማይ፡ ኤሌክትሪሲቲ፡ ጥዕና፡ ከምኡ'ውን ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዘምህራ ትካላት ትምህርቲ፡ ዝምስገን ኣገልግሎት ይህባኦም ከምዘለዋ ኣረዲኡ።

ምምሕዳር ከባቢ ሸዕብ ሰለባ፡ ሓንቲ ካብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ኮይና፡ ካብ ሓውሲ ከተማ ኤደን ንሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ 12 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

## ማእከል - ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ ቀረብ መዓር ንምውሓስ ይነጥፍ

ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ ዞባ ማእከል፡ ቀረብ ውሑስን ጽፉፍን ባህርያዊ መዓር ንምውሓስ ጻዕረታት የካይድ ከምዘሎ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣቶ ሃብትኣብ ጋይድ ሓቢሩ።

ብቐዕ ባህርያዊ መዓር መግቢን መድሃኒትን ዝተብሃለ ድማ መርዚ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ሃብትኣብ፡ ሓረስቶት ብቐዕ መዓር ክፍርዩ ብሚኒስትሪ ሕርሻን ብማሕበርን ኣስተምህሮን ስልጠናን ከምዝወሃብ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ንቕሓቱ ኣበሪኹ፡ ሓላሊፉ ኣብ ዕዳጋታት ዝርአ ብቐዓቱ ዘይተረጋገጸ መዓር ካብ ምዕዳግ ክጥንቀቕ ተላብዩ።

ማሕበር ኣብ ከተማታት ከረን፡ መንደፈራን ኣስመራን መሸጢ ትካላት ብምኽፋት ብቐዕን ውሑስን መዓር ንምብጻሕ ይሰርሕ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ሃብትኣብ፡ ሓረስቶት ብሚኒስትሪ ሕርሻ ንዝቐርብ መትሓዚ ብጽፈት ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ኣቶ ጉብረሂወት ፋሲል ብወገኑ፡ ሓረስቶት ኣብ ብዙሒ ዘይረካ ኣብ ውሑስ ምህርቲ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ጠለብ ዓማዊል ንምርዋይ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ማሕበር ሓረስቶት ኣርባሕቲ ንህቢ ዞባ ማእከል ኣብ 2001 ዝቖመ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 206 ኣባላት ኣለውዎ።

## ዓሰብ - ኣብ ቱሪዝም ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዓሰብ፡ ኣብ ጽላት ቱሪዝም ዘሎ ኣፍልጦ ንምዕባይ ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት-



ትምህርቲ ወልደኣብ ወልደማርያም ተዋሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ጸጋታት ቱሪዝም ሃገርን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን፣ ከምኡ'ውን ባህርያዊ፡ ታሪኻዊ፡ ጥንታውን ካልእን ጸጋታት ቱሪዝምን ኣገዳስነት ምዕቃቡን ዘበርህ ነይሩ።

ወኪል ሓላፊ ክፍሊ ቱሪዝም መንእሰይ ዓብደላ ሕዛም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ 49 ሚእታዊት ጎላጉል፡ 44 ሚእታዊት ጎቦታትን ኩርባታትን፡ 7 ሚእታዊት ድማ እሳተ-ጎመራዊ መሬት ከምዝሸፍን፡ ብዘይካ'ዚ'ውን ልዕል 60 ደሴታት ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ እቲ ዞባ መሬቱን ባሕሩን ንቱሪዝም ኣዝዩ ምቹእ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ ደቡብ ደንካልያ - ራሓይታ፡ ሱዱሕዔላ፡ በርዓሶለን ዓስኮማን ብታሪኻውን ጥንታውን ቅርስታት ከምኡ'ውን ኣዕዋፍ ባሕሪ፡ ዓሳታትን ጎብየ ባሕርን ሃብታም ከምዝኾኑ፣ ኣብ ማእከል ደንካልያ ድማ ኣብ ሓውሲ ከተማ ዕዲ፣ ኣብ ኣራዕታ ከኣ ኣብ ጢያን ምዕድርን ጥንታዊ መሳጊድ ከምዘሎ ገሊጹ።

### መኣረምታ

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣብ ናይ ትማሊ ረቡዕ 6 ግንቦት 2026 ሕታምና፡ "ቋንቋ ዓረብ ብምኽኣልና፡ ክንዲ ክልተ ሰለስተ ሰባት ኩይንና ኣለና" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዓምዲ ሪፖርታዥ ኣብ ዝተዳለወ ጽሑፍ ሓላፊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ኤርትራ ኮ/ል ተስፋሚካኤል ሃብተ ዝብል ግጉይ ኮይኑ፡ ኮ/ል ሃብተሚካኤል ጸጋይ ተባሂሉ ክእረም ምስናይ ይቕረታ ንሕተት።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣደም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284


### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ዶክመንታሪ |
| 16:05 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19:20 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ረፈረንዱም፡ ንሕጋዊ መሰል ናጽነት ኤርትራ ዕላዊ ዝገበረ ዕዙዝ ፍጻመ

(5ይ ክፋል)

ህዝቢ ኤርትራ፡ ናብቲ ኣብ ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ልኡላውነቱ ብዕሊ ዘረጋገጸሉ ህዝባዊ ረፈረንዱም ንምብጻሕ፡ ዝሓለፎ መሪር ታሪኽ ብሓጺሩ ንምዝክኻር ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ፡ ብዝበለ ኣርእስቲ፡ ጀሚርና፡ ኤርትራ ከም ከለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ድሕሪ ምቛሙ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያን ብሪጣንያን ዘሕለፎ ታሪኽ፣ መግዛእቲ ህጹት ሃገረ ኤርትራን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ኣብ ምፍጣርን ምዕቃብን ዝተጻወቶ ግደ ብምርኣይ፣ ኣብ እዋን ፌደረሽንን ገባጣን ከምኡ'ውን ካብ ፈለማ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ክሳብ ሻድሻይን ሻብዓይን ወራራት 1982-1983 ዝነበረ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ምዕባለታት ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

ድሕሪ ፍሽለት 6ይን 7ይን ወራር ሰውራ ኤርትራን ስርዓት ደርግን ኣብ መድረኽ ጃላነት እየም ኣትዮም። ህ.ግ. ድኽመት ስርዓት ደርግ ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣብ ጥሪ 1984 "ወፍሪ ትንሳኤ" ብዝሰመዮ ስርሒት ኣብ ከተማ ተሰነይ መጥቃዕቲ ብምፍናው ኑታ ከተማን ከበባኣን ተቘጻጺሩ። ኣብ ወርሒ መጋቢት ናይቲ ዓመት'ቲ ድማ፡ ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣጥቂዑ፡ "ውቃው እዝ" ንዝተባህለ ገዚፍ ክፋል ሰራዊት ኢትዮጵያ ምሉእ ምሉእ ደምሰሱ። እዚ ክልተ ግጥማት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብርክት ዝበለ ኣጻዋሪታትን ተተኮስቲን ብምምንዛዕ ሓይሉ ዝያዳ ኣደልዲሉ ዝወጸሉ ብምንባሩ፡ ከም መድረኽ መቐየሮ ዝወሰድ እዩ።

ድሕሪ'ዚ እውን መጥቃዕትታት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ቀጺሉ፡ ኣብ ግንቦት ናይቲ ዓመት'ቲ፡ ኣሃዱ ፍሉይ ስርሒታት ኮማንዶ ኣብ ወተሃደራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ በርቃዊ ተሪጉኡ ብምፍጻም 33 ነፈርቲ ውግእ ኣዕነወ። በዚ ስርሒታት'ዚ ሚዛን ሓይሊ ናብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ክዝዙ ጀመረ። ኣብ መጋቢት 1985 ድማ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኑታ ሓያል ዕርዲ ሰራዊት ደርግ ዝነበረት ከተማ ባረንቱን ከበባኣን ኣጥቂዑ ተቘጻጸረ። በዚ ግስጋሰ'ዚ ዝተሰናበደ ስርዓት ደርጊ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝነበረ ሓይሊ ኣኻኺቡ፡ ንከተማ ባረንቱ ንምሓዝ ነዊሕ ምርብራብ ኣካየደ። ኣብ ሓንቲ ከተማ ክሳብ ክንድኡ ምትህልላኽ ንረብሓ ሰውራ ዘገልግል ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ከተማ ባረንቱን ተሰነይን ምዕራባዊ ኤርትራን ኣዝሊቑ፡ ናብ ቀወምቲ ዕርድታቱ ሳሕል ተመልሰ።

በቲ ህዝባዊ ግንባር ዘወሰዶ ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ዝተተባብዐ ስርዓት ደርጊ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ተዳኺሙ እንክሎ ሕጂ ምቕባጹ ብዝበለ ኣጉል ገምጋም፡ ዘሎ ሓይሊታቱ ኣኻኺቡ፡ ኣብ ጥቅምቲ 1985 "ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ" ኢሉ ዝሰመዮ መጠነ ሰፊሕ ወራር ብምብጋስ ናብቲ ድሕሪ ምድምሳስ ውቃው እዝ ጉዲፍዎ ዝነበረ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተመለሰ፡ ኣብ ቀወምቲ ዕርድታት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብቐንዱ ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ሓያል መጥቃዕቲታት ፈነወ። እንተኾነ ኣብ ክልተ ገጻት ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ ስርዓት ደርግ ንዕርድታት ሳሕል ክሰብሮ ኣይከኣለን። በዚ ድማ ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ እውን ከም ካልኦት ወራራት ድሕሪ ናይ ክልተ ኣዋርሕ ምርብራብ ዘፍ በለ።

## መትከል ርእሰ ምርኩሳ

ካብ ወተሃደራዊ ግጥማት ወጻኢ ዝነበረ ምዕባለታት ሰውራ ምስ እንምልከት፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንቃልሲ ካብ ዝበገሰ ኣትሒዙ ጠለባት ሰውራ ዘማልእ ደጀን ምምስራትን ምምዕባልን ከም ዕላማ ሒዙ ዝሰርሓሉ ዝነበረ እዩ። ምስ ውሳነ ስትራተጂያዊ ምዝላቕን ምንዋሕ ኲናትን ተኣሳሲሩ ድማ፡ እዚ ዕማም'ዚ ብስፍሓት ክሰርሓሉ ጀመረ። ብርግጽ ድማ፡ ህዝባዊ ግንባር "ርእሰ ምርኩሳ" ዝበሃል መትከልን እምነትን ኣብ ተጋደልቱ ብምስራጽ፡ ኣብ ሳሕል ክምስርቶ ዝኸኣለ ደጀን፡ ካብ ናይ ብዙሓት ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ዝተፈልየ እዩ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ዓቕሚ ሰውራ ብኸሉ መዳያት ንምጥንኻር፡ ብዙሕ ካብቲ ንሰውራ ዘድሊ ቀረባት ዘማልእ መዳያት ብርቱዕ ምህሌታት ከምዘዝብ ኣኺኢሉዎ እዩ።

## ካብ ጃላነት ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ

ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ (8ይ ወራር) ናይ መጨረሽታ ወራር ስርዓት ደርግ እዩ ነይሩ። ድሕሪኡ ሰራዊት ደርግ ኣዝዩ ስለዝተዳኸመ ኣብ ምክልኻል እዩ ኣትዩ። በዚ ድማ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብሓደ ወገን ናይ ደጀን ንጥፈታቱ ዝያዳ ብምሕያል፡ ወተሃደራዊ ክእለት ኣባላቱ ክብ ዝበለ ስልጠናታት እናካየደ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ናይ ደባይን ሃንደሳን ኣሃዱታት ብምንቅስቓስ፡ ንሓይሊ ጸላኢ ዙናኽምን ዘልምስን ማእለያ ዘይብሎም መጠነ ንኡስን ዓበይቲን ስርሒታት እናሰላሰለ፡ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዘሰጋግር ቅድመ ምድላዋቱ የጻፍፍ ነበረ። ኣብ ርእሲ ሓይሊ ምድሪ ድማ፡ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ኣሃዱ ኣቚሙ፡ ኣብ ክሊ ባሕሪ ኤርትራ ወተሃደራዊ ህላወኡ ኣረጋገጸ።

ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ንሱዳን ኣትያ ኣብ ዝተበታተነትሉ እዋን፡ ቃልሶም ክቕጽሉ ዝመረጹ ተጋደልቲ



ዓበይቲ ናይ ዕጥቂን ስንቂን መኽዘናት፡ ጋራጃትን ዝተፈላለየ ናይ ጽገና ትካላትን ማስሪቶ፡ ክዳውንቲ፡ ጫማታት፡ ወጽኢት ሓጺንን ዕንጸይትን ፕላስቲክን ኣቕሒ፡ እንተላይ መደሃኒትን ኢንፈዩዥንን ዘፍሪ ፋብሪካታት ኣቚሙ። ክሳብ ናይ ልቢ መጥባሕቲ ዘካይድ ምዕቡል ሆስፒታላትን ዝተፈላለየ ናይ ምርምር ትካላትን፡ ኣገልግሎት ማሕተም፡ ፈነወ ሬድዮን ካልእን ዘጠቓለለ ሰፊሕን ምዕቡልን ደጀን እዩ ሃኒጹ። ኩሉ'ዚ ትካላት'ዚ ኣብ ትሕቲ መሬት ኣብ ዝተሃንጸ ኣብያቲ ብስይቲን ቀትርን ንጥፈታቱ የካይድ ነበረ። ብዘይካ'ዚ፡ ተጋዳላይ፡ ብመትከል ርእሰ ምርኩሳ ተመሪሑ፡ ብመሰል ርእሱ ንምኽኣል ኣብ ሕርሻ ብምውፋር ኣብ ዝኸኣሉ ከባቢታት፡ ኣጸደፍ ከይተረፈ እናጸፍሐን እናደየበን ገለ ክፋል ናይ መግቢ ጠለባቱ የማልእ ነበረ። ንጥፈታት ደጀን እቲ ሰውራ ኣብ ውትህደርና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን

ተ.ሓ.ኤ. ነበር፡ "ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ ባይቶ" ወይ ድማ "ሳግም" ዝተባህለ ውድብ ኣቚሞም፡ ኣብ 1983 ምስ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምርድዳእ ብምብጻሕ፡ ኣብቲ ዝካየድ ወተሃደራዊ ግጥማት ኣበርክቶ ክገብሩ፡ ናብ ሜዳ ኤርትራ ኣትዮም ነበሩ። ተ.ሓ.ኤ. ማእከላይ ባይቶ፡ ናብ ሜዳ ድሕሪ ምእታው፡ ከም ርእሱ ዝኸኣለ ውድብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ንጥፈታት ከካይድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ መወዳእታ ምስ ህዝባዊ ግንባር ክጽንበር ወሰነ። ኣብ 1987 ከኣ ካልኣይን ሓድነታዊን ገባኤ ዝተሰምየ ሻይ ገባኤ ህ.ግ.ን ናይ ክልቲኤን ውድባት ናይ ስምረት ውዕሉን ዘጠቓለለ ገባኤ ተሳቲፉ፡ ኣብዚ ገባኤ'ዚ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝሓለፈ ገዘ ሰውራ ብደቂቕ ድሕሪ ምምዕጋም መጠቃዕቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ



Al-Amin Mohamed Saiyed, head of the EPLF negotiating team (l) and Ashegre Yigletu, head of the Ethiopian government negotiating team, were brought together in Atlanta by President Carter.



መላእ ሃገር ብምጽራግ ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ንምግባር ዘኽእል ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ስትራተጂ ሓንጸጸ።

ድሕሪ 2ይን ሓድነታዊን ገባኤ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ናይ ድሕሪ ማስመር ስርሒታት ዝያዳ ብምጽዓቕ ብሕሪውን ንኣሽቱ ስርሒታት ምክያድ ቀጸለ። ብደባይን ተንቀሳቓስን ስርሒታት ንሰራዊት ስርዓት ደርግ ድሕሪ ምድኻም ድማ፡ ኣብ መጋቢት 1987 ኣብ ግንባር ናቕፋ ተበጊሶ ብምውሳድ፡ ንቐዳማይ ዕርዲ ጸላኢ ኣፍሪሱ፡ ንሰራዊት ደርግ ካብ ግንባር ናቕፋ ቁሩብ ንድሕሪት ክደፍኦ ከኣለ።

እዚ መጥቃዕቲ'ዚ ሚዛን ሓይሊ ናብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከምዝዘዘወ ብምንጻር፡ ሰውራ ኤርትራ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዘሰጋገረሉ እዋን ከምዝበጽሐ ኣብሰረ። ኣብ መጋቢት 1988 ድማ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኑቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ፡ ስርዓት ደርግ ብሉጽ ሰራዊት ኢሉ ዝምክሓሉ "ናደው እዝ" ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ብምድምሳስ፡ ንግንባር ናቕፋ ምሉእ ብምሉእ ኣፍሪሱ ንከተማ ኣፍዓበት ተቘጻጸረ። ምድምሳስ ናይዚ ገዚፍ ሓይሊ ጸላኢ'ዚ፡ ስዕረት ሰራዊት መግዛእትን ናጽነት ኤርትራን ናይ ግዜ ጉዳይ እምበር ዘይተርፍ ምዃኑ ዘረጋገጸ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዓቢ ነጥበ መቐየሮ ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብዚ ውግእ'ዚ ቅድሚኡ ዓጢቕዎ ዘይፈልጥ ስትራተጂያዊ ኣጻዋሪታት ከም 130 ሚ.ሚ. መዳፍዕን ቢ.ኤም 21 ወንጫፊ ሮኬትን መዝዚዑ ናይ ተኸሲ ሓይሉ ክብ ኣበለ። ንፈለማ ግዜ ድማ ንስርዓት ደርግ ካብ ዘማኽሩ ዝነበሩ መኩንናት ሕብረት ሶቭየት 3 ክማርኽ ከኣለ።

ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ ደርግ ምስ መንግስቲ ሶማል ኣብ ስምምዕ ብምብጻሕ፡ ኣብ ምብራቕን ምዕራብን ኢትዮጵያ ዝነበረ ሰራዊት ኣኻኺቡ፡ ብበርቱዕ መጥቃዕቲታት ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንድሕሪት ንምምላስን ኣፍዓበት ዳግም ንምቁጽጻርን ደጋጊሙ እኳ እንተፈተነ፡ ክዕወት ኣይከኣለን። ኣብ 1989 እውን ብተመሳሳሊ ንግንባር ኣፍዓበት ክሰብር ፈቲኑ ኣይተዓወተን። ብኣንጻሩ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብምብራቓዊ ጎላጉል ኣብ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ደርግ ሰፊ ዘይብል ክሳራ ኣውሪዱ፡ ብዙሓት ታንክታት ከቃጽልን ክማርኽን ከኣለ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ምስ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ቃልሲ ምሕዝነት ፈጢሩ ኣብ ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ ክፍለ ሃገር ትግራይ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብምንጥጣፍ፡ ንብዙሕ ክፋላት መሬት ትግራይ ተቘጻጺሩ ንኤርትራ ምስ ማእከል ኢትዮጵያ ዘራኽብ መስመር ክዐጽዎ ከኣለ። ድሕሪ'ዚ ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ምስ ኤርትራ ዝነበሮ ርክብ ብመገዲ ወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ጥራይ ኮነ።

በዚ ምዕባለታት'ዚ ተሰፋ ዝቖረጸ ስርዓት ደርጊ፡ ብመንጎኝነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ምስ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዙሉ ክኣቱ ተገደደ። ይኹን'ምበር፡ ብምሉእ ናጽነት ኤርትራ ክእመን ትብዓትን ቅሩብነትን ኣየርኣየን። ክንዲ ዝኾነ እቲ ዙሉ ዝኾነ ፍረ ኣየምጽኣን።

ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ ናብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዝተሰጋገረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ለካቲት 1990 "ስርሒት ፈንቅል" ብዝተሰምየ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወፍሪ፡ ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል ዓሪዱ ንዝነበረ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ጸራሪጉ፡ ንጽርግያ ኣስመራ ባጽዕ ድሕሪ ምብታኹ፡ ብ10 ለካቲት ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ተቘጻጸረ። ኣብ ከበሳታት ኤርትራን ከረንን ዝነበረ ሰራዊቱ ድማ፡ ክሳዱ ተሓኒቑ ምስ ኣዲስ ኣበባ ርክቡ ብሰፈርቲ ጥራይ ኮነ። ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንደቡብ ብምጥዋይ ንከተማታት ሰንዓፈ፡ ዓዲ ቀይሕን ሰገነይትን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእተወን። ሰራዊት ደርግ ድማ ኣብ መንጎ ደቀምሓረን ከረንን ተሓጺሩ፡ ኣብ ምሉእ ከበባ ኣተወ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ገለ ክፋል መካናይዝድን ኮማንዶን ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ኢህወደግ ብምስላፍ፡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ መጥቃዕትታቶም ብምሕያል ክሳብ ከባቢ ጎንደርን ሰሜን ሸዋን ክበጽሑ ከኣሉ። ቀጺሎም ድማ ንክፍለ ሃገር ጎጃምን ወሎን ብምቁጽጻር ናብ ኣዲስ ኣበባ ገጾም ኣቕንዑ። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብወገኑ ኣብ ደንከልያ ተኸታታሊ መጥቃዕቲታት ብምክያድ ንጠያን ዕዲን ተቘጻጺሩ ናብ ዓሰብ ገጹ ይግስግስ ነበረ። ኣብ ግንቦት 1991 ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንከተማ ደቀምሓረ ኣጥቂዑ፡ ገጹ ናብ ኣስመራ ምስ ኣቕንዐ፡ መራሒ ኢትዮጵያ ዝነበረ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ውድቀቱ ናይ መዓልታት ጉዳይ ምዃኑ ተረዲኡ፡ ካብታ ሃገር ሃደመ። ዕለት 24 ግንቦት 1991 ድማ ህዝባዊ ሰራዊት ንርእሰ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ብምቁጽጻር፡ ሓርነት ኤርትራ ኣበሰረ። ብ27 ግንቦት ከኣ እቲ ብደንከል ዘጥቅዕ ዝነበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንከተማ ዓሰብ ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ ምሉእ መሬትን ባሕርን ኤርትራ ካብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ሓራ ወጸ። ብ28 ግንቦት 1991 ከኣ፡ ሓይሊታት ኢህወደግን ወሃብቲ ደገፍ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባርን ንከተማ ኣዲስ ኣበባ ተቘጻጸሩዋ። በዚ ድማ ዕምሪ ስርዓት ደርግ ኣኸተመ።

ይቕጽል . . .

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ወርሒ ሓበን



ቤትኤል ሰለሙን

ወርሒ ግንቦት፡ ኣብ ዓውደ ኣዋርሕ ኤርትራውያን ልክዕ ከም ፈላሚት ወርሒ ናይ ሓዳስ ዓመት'ያ ብድምቀት እትኽበር። እቲ ምንታይ እታ ደልሃመት ናይቲ መሪር እዋን ተቐንጢጡ፡ ባና ሓርነት ዝተረጋገጸላ ወርሒ ስለዝኾነ። እታ ወርሒ ብምልእታ ዝሓቑፈቶ መዓልታት፡ ናይ ናጽነት መዓልታት እዩ። እቶም ነቲ መሪር ናይ ጭቆናን መግዛእትን፡ ኣደራዕን ሕሰምን ገዛእቲ ዘየርከብናሉ መንእሰያት፡ ነዛ ዕለት ብምልኣት ኢና እነስተማቕራ። እቲ ምኽንያት እቲ ዝተሓልፈ መስገደል ብታሪኽ ክዝንቶ ጥራይ ስለ ዘስካሕክሕ፡ እንቋዕ ናጽነት ኮነ ኢልና ስለ ንሓስብ። ንስለ ዝተኸፍለልና ዋጋ እና'መስገና ድማ ቅነ ናጽነትና ብደስታን ፍስሃን ተመሊእና ነሕልፎ።

ኵሉ ዜጋ ናይዛ ሃገር ብናጽነት ይሓስብ፡ ይሰርሕ፡ ሳላ ናጽነት። ኣብ ወርሒ ግንቦት ንሃገራዊ ባንዴራኦም ብኹርዓት ዘወዛውዙ ህጻናት፡ ንስለ ናጽነት ዝገጥሙ፡ ዝጽሕፉ ስነ ጥበበኛታት፡ ብኸበሮን ደበላን ዝሕጉሱ ኣደታት ኣቦታት፡ ብኹርዓት ዝተመልኡ መንእሰያት፡ ብሓፈሻ ይዕበ ይንኣስ ሓጐሱ ካብ ምግላጽ ዝበኵር የለን። መለክዒ ግዜ ዝኾነ ሰዓት ከይዛዘም ይምነዩ። እቲ ሃዋህው ናጽነት ከምኡ ኢሉ ክቕጽል ይሃርፉ። ጕደናታት ሃገሮም ብንፋስ ናጽነት እናቋሰዩ ይዛወሩዎ። ኣበየ ኵርናዕ ናይ ሃገር ከኣ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ትካላት መንግስቲ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ንወርሒ ግንቦት ብዝተፈላለየ መንገዲ ንምጽንባላ ይሸባሸቡ።

24 ግንቦት፡ ዓርቢ መዓልቲ ደወል ናጽነት ኣብ መሬት ኤርትራ ዝተቓልሓሉ ረዚን ዕለት እዩ። እንተኾነ ወርሒ ግንቦት ካልእ ብዙሕ ታሪኻዊ ፍጻመታት ዝሓቘፈት ወርሒ ብምኻና ዝያዳ ወርሒ ሓበን ይገብራ። ስርሒት ኮማንዶ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1988 ዝተኻየደ ዝዓበየ ወተሃደራዊ ዓወት'ዩ ኣብ ታሪኽና። እቲ ርቂቕ ውጥን ዝሓለፎ ስርሒት ይትረፍ ንኣና ንዋናታቱ፡ እቶም ስዕረት ምቕባል ዘይልማዶም ጸላእቲ ከይተረፉ፡ "ኣየ ጅግንነት" ዝተባህለሉ ስርሒት ምንባሩ ታሪኽ ሰኒዱዎ ዘሎ ዘይስገር ሓቂ እዩ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ሓደ ካብቲ ንቓልሱ ከዕዉት ዘኽኣሎ፡ ረቂቕ ጥበብ ዝሓለፎ መጽናዕቲ እዩ። ንስርሒት ኮማንዶ'ውን ካብ 1979 ኣትሒዙ ደቂቅ መጽናዕቲ ኣካይዱሉ። ኣብ ግንቦት 1984 ከኣ ተግባራዊ ገይሩዎ። እቲ ኣብ በረኻታት ሳሕል ክዕቌብ ዝተገደደ ጅግና ሰራዊት ነዚ ደምሳሲ ውጥን ክሕንጽጽ ዝወሰደሉ ግዜ ክትሓስቦ እኳ ይኸብድ። የግዳስ ዕላማኻ ንምዕዋት ኪንዮኡ ርሕቀት'ውን ከም ዝኽየድ ዝኣምን ውድብ ስለዝኾነ ከይዱዎ። ተዓዊትሉ ከኣ።

መራሕቲ ኲናት ገዛእቲ ስርዓትን መኸረቶምን፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ነበረያ ነበረ ንምግባር ብርዒ ጥፍኣት ኣብ ኣጻብዕቶም ጨቢጦም ውጥናት ካብ ምሕንጻጽ ኣየዕረፉን። እንተኾነ፡ ህዝብን ተጋዳላይን ኣንጻር'ቲ ንጥፍኣቱ ዝኣወጀ ኲናት ስኑ ነኺሱ ይምክቶ ነይሩ። ሳሕል ዝፍረየቶ ምዑት ሰራዊት ኪኖ ኣብ በረኻ ኳንካ ምቅላስ ክሰግር እዩ ተራእዩ። እቲ ጅግና ተቓላሲ ኣብ ከርሲ ጸላእን ኪንዮኡን ከይዱ ዝፈጸሞ እንተ ዝዝረበሉስ ዓለምዶ ዓይና ምዓመተት ወይስ ብሓቂ እዝና ጸሚሙ ብሕፈረት ገጻ ምኸወለት። እቲ ሓቂ ዝዕጥቁ ንሰላም ዝወፈረ ጅግና፡ ማዕረ ማዕረቲ ጸላኢ ኣጽንዐዮ ዝበሎ ዕርድታት ኣብ ውሽጡ ከረሱ ኣትዩ ዝሰርሖ ስርሒት ምድምሳስ ነፈርቲ ጸላኢ ሓደ ካብቲ ድንቂ ፍጻመ እዩ።

ቍጽሪ'ቶም ነቲ ስርሒት ዘካየዱ መንእሰያት 16 እዩ ነይሩ። እተን ነፈርቲ ብቑጽሪ ካብኦም ይበዝሓ፣ ዕላማኦም ግን ብዕጽፍታት ዝራባሕ እዩ ነይሩ። እቲ ዓመታት ዝተጠንሰ ድቂ ሓሳቦም ተወሊዱ። እቲ ጸላኢ ዝምክሓሉ ሓለዋ ጕልጕል ሰምበል ተጣሒሱ። ዝደቀሰ ዝሓልም ዘሎ ክመስሎ፡ ዘይደቀሰ ኣብ ጋህዲ ምህላዉ ከጠራጥሮ ዝገብር ህሞት ከኣ ተፈጢሩ። እቶም ህይወቶም በጃ ገይሮም ኣብ ከርሲ ጸላኢ ዝጋልቡ ዝነበሩ ጀጋኑ ዕማሞም ዛዚሞም። ሓደ ሞባእ ዝኸውን ንኡስ ጅግና ሓዲጎም ናብ መበገሲኦም ነቚሎም።

እቲ ንስለ ሓፋሽ በጃ ዝኾነ ሰዉእ ብኽብሪ ስነ ስርዓት ቀብሪ ክካየደሉ ብመራሒ ደርግ መንግስቱ ሃይለማርያም ተኣዊጁሉ። እቲ ልዕሊ ኲሉ ኣፍልብኻ ዘንፍሕ ፍጻመ ግን መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ንሰራዊቱ ናይቲ ጅግና ኣብነት ክኽተሉ ምምዓዱ እዩ። ስርሒት ኮማንዱ ከኣ ክሳዕ ሎሚ ንኤርትራውያን ሓበን፡ ንዓለም ድማ መስደመም ፍጻመ ኮይኑ ኣብ ታሪኽ ሰፊሩ ኣሎ።

ወርሒ ግንቦት ብዘይካ'ዚ ካልእ ዘሕብን ታሪኻዊ ፍጻመታት'ውን ኣሎዋ።

04/05/1994 ባንዴራ ኤርትራ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተሰቒላ። ኤርትራ እታ ሓዳስ ብቕልጽማ ህላውነታ ዘረጋገጸት ሃገር፡ መበል 52 ኣባል'ቲ ውድብ ክትከውን በቒዓ። ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ብዘይካ ኣልጀርያ፡ ናጽነተን ተመጽዊቱለን እዩ። እታ ብዓመጽቲ መሰላ ተረጊጹ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ብምክያድ ናጽነታ ዝተጐናጸፈት ሃገረ ኤርትራ እውን ኣብ ክልተ ዓመታ ናጻ ኣባል ናይቲ ውድብ ክትክውን በቒዓ።

24/05/1993 ኤርትራ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ምኻና ብወግዒ ዝተኣወጀሉ ዕለት እዩ። እታ ሓቂ ኳዕኢጻ፡ ንረብሓኣ ቀዳምነት ብምሃብ መሰል ኤርትራውያን ዝገሃሰት ዓለም፡ ደሓርሲ፡ ድምጺ ኤርትራውያን ዝሰምዕ እዝኒ'ያ ሰኺዓ። እቲ ደም ከፊሉ መሬቱ ካብ ገዛእቲ ዘምለሰ፡ ጸኒሑ ብረፈረንደም፡ ብድምጹ ድልያ ናጽነቱ ምስ ኣወጀ ከይፈተወት ሰሚዓቶ። ኤርትራ ኣብ ዕለተ ግንቦት ሓራ ኮይና፡ ኣብ ዕለተ ግንቦት እውን ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ምኻና ተረጋጊጹ።

28/05/1993 ኤርትራ ባንዴራኣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኒውዮርክ ተሰቒላ። እታ ህላወ ክትኮነን ዝተወሰነላ ሃገር ከኣ ኣእላፍ ከፊላ መበል 182 ኣባል ናይቲ ውድብ ንምኳን በቒዓ። ስለዝኾነ ወርሒ ግንቦት ሕልፊ ኲለን ኣዋርሕ ከም ንግስቲ ትኽብር፡ ብኹርዓት ትዝከር። ህዝቢ እፎይ ዝበለላ ወርሒ ብምኻና ብሓጐስ ትጽንበል። ወርሒ ግንቦት ወርሒ ሓበን እያ'ሞ እቶም ነዚ ሓበን ዝወለዱ ጀጋኑ ክብርን ሞጎስን ይኹኖም።

# ነብሰ ምሕደራ ኣብ ውልቃዊ ሂወትካ፡ ስድራኻ፡ ከባቢኻን ሃገርካን ዘለዎ ረብሓ ከመይ ዝበለ'ዩ?

*ገዛእ ነብስኻ ምምሕዳር ኣብ ሂወት ወሳኒ እዩ። ገዛእ ነብሱ ዘየመሓድር ሰብ ንነብሱ፡ ንስድርኡ ይኹን ንትካሉ እንታይ ከባቑዋ ይኽእል? "ነብሱ ዘይወደበ ሰብ ንውድብ እንታይ ይገብረላ?" ዝብል ኣበሃህላ እውን ኣሎ። ነብሰ ምሕደራ ንሂወት ብጥበብ ወይ ብጥቅውና ምምራሕ እዩ። እቲ ሂወቱ ብጥበብ ዝመርሓ ናብቲ ዝደልዮ ዕላማ ክበጽሕ ኣይጽገምን። ኩታስ ጉዕዞ ደቂ ሰብ ብምሕደራ እዩ ዝምእዘን።*

*መጽሔት መንእሰይ ቍ.72፡ ኣብዚ ተላዒሉ ዘሎ ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዘገድስ ዛዕባ መረዳእታኦምን ሓሳባቶምን ክካፍሉ፡ ኣብ ነንበይኑ ዓውድታት ስራሕ ተዋፊሮም ንዘለዉ ኣባላት መበል 23 ዙርያ ቤት ትምህርቲ ካድር ህግደፍ (ናቕፋ) ዓዲማቶም ኣብ ዘካየደቶ ዘተ፡ ንሎሚ ንመልሲ ሓደ መንእሰይ ከነቕርብ ኢና።*



ክብሮም ሽጣንጉስ

ነብሰ ምሕደራ ነብስኻ ብግቡእ ፈሊጥካ፡ ነብስኻ ብግቡእ ፈሊጥካ ንምምሕያሹ ውጥን ምሕንጻጽን ራኢኻ ብግቡእ ምልላይን፡ መንገዲ ዓወት ንኽተለሊ ኸኣ ነብስኻ ብግቡእ ክትመልኽ ምኽኣል፡ ብልሚታትካን ድኻማትካን ኣለሊኻ፡ ኣብ ብልሚታትካ ሓይሊ ምውሳኽ፡ ኣብ ጌጋታትካ ድማ ቅልጡፍ መአረምታ ጌርካ ክትጉዓዝ ምኽኣል እዩ። ነብሰ ምሕደራ ኣብ ውልቃዊ ሂወትካ ብብዙሓት ነገራት ዝተፋረቐ እዩ። እዚ ማለት ኣብ ገሊኡ ብመሰረት ውጥንካን ራኢኻን ከተማሓድሮ ከለኻ፡ ገለገለ ድማ ካብ ትጽቢትካ ወጻኢ ዝኾኑ ምሕደራ ኣለዉ። እዚ ምሕደራ እዚ ድማ ብባህላዊ፡ ብማሕበራዊ፡ ብሃይማኖታውን ካልእን ዝጽሎ እዩ። ካብ`ቶም ቀንዲ ባእታታት ንነብሰ ምሕደራ ዝጸልዉ፥

(ሀ.) ብሃንደበታዊ ኣብ ሂወትካ ጸቕጢ ዝፈጥሩ ነገራት ከም ሞት፡ ፍትሕ፡ ሸቕለት ኣልቦነት፡ ሓድሽ ስራሕ ክትጅምር ከለኻ፡ ቍጠባዊ ቅልውላው፡ ድሕሪ መርዓ ሓዳር ክትምስርት ከለኻ፡ ሕዱራት ሕማማት ወይ ኣካል ዘጕድሉ ሓደጋታት፡ ምስ ነብስኻ እትፈጥሮም ግርጭታት፡ ካብ ነብስኻ ንላዕሊ እትኣልዮም እንተ ሃልዮምኻ ኣብ ነብሰ ምሕደራኻ ዝፈጥረልካ ምዝንባዕ ብቐሊል ዝረአ ኣይኮነን።

(ለ.) ኣብ ነብሰ ምሕደራ ጸላዊ ዝኾነ ምስ ስራሕካ ዝተኣሳሰር ጸቕጢ እዩ። እዚ ማለት ዘይዕጉብን ዘይሕጉስን ምስ ትኸውን፡ ጻዕቂ ስራሕን ልዕሊ ዓቕምኻ ሓላፍነትን ምስ ዝህልወካ፡ ነዊሕ ሰዓታት ስራሕ፡ ዘይንጹራት ትጽቢታት ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ዘይውሑስ ከባቢ ምስ እትነብር፡ ኣብ ስራሕካ ተነጽሎ ምስ ዝህልወካ ወዘተ ኣብ ነብሰ ምሕደራ ዘምጽኦ ጸገም ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን።

እንተ ድኣ ነብስኻ ብዝግባእ ከተመሓድር ደሊኻ፡ መጀመርታ ነዞም ቀዲመ ዝጠቐስክዎም ከም ውሁብ ናይ ወዲ ሰብ ትዕድልቲ ወሲድካ፡ ኣብ ራእዩኻ ንምብጻሕ ካብ ዘጋጥሙ መሰናኽላት ምኳኖም ኣሚንካ ክትዳለወሎም እንተ ኸኢልካ ንነብስኻ፡ ከባቢኻ፡ ሃገርካ ኣዚኻ ኣገዳስን በሊሕን ስለ ዝኾንካ ምእዙንን ኣማእዛንን ትኸውን።

ኣብ ነብሰ ምሕደራ እቲ ቀንዲ ረቛሒ ንዘጋጥመካ ግድል ብብቕዓት ክትገጥሞ ምኽኣል እዩ። ነዚ ንምግጣም ዘድልዩኻ ኣጽዋር ድማ፦

1. ክትፈትሖ ደሊኻ ዘለኻ ዕንቅፋት ብግቡእ ምልላይ።

2. ኲነት ኣእምሮኻ ብምርግጋእ ብሉጻት እትብሎም ፍታሕ ምንዳይ።

3. ካብቲ ዝሓሰብካዮ ዝበለጸ ኣማራጺ እንተ ተረኺበ ግዜ ምሃብ ተመራጺ እዩ።

4. ካብ'ቶም ፍታሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ዘቐመጥካዮም ነጥብታት እቶም ዝበለጹ እትብሎም ብቐዳምነቶም ምስራዕ።

5. ነቶም ብቐዳምነት ዝሰራዕካዮም ናይ ትግባረ ሰሌዳ ምውጻእ።

6. መእሰሪ ናይ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ነጥብታት ምዕባሌታቶም እናተኸታተልካ ኣብቲ ዝድለ ምስ እትበጽሕ እቶም ቀንዲ ነጥብታት ነብሰ ምሕደራ ምኳኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ንነብሰ ምሕደራ ወይ ነዞም ቀዲሞም እተጠቐሱ ነጥብታት ብኸመይ ተመሓድሮም ንዝብል ሕቶ፡ ሓደ ፍታሕ እዩ ዘለዎ። ብምሕደራ ግዜ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ወ/ሮ ምሕረት የውሃንስ ገብረኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ኣስፍሃ ገብረመስቀል ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ትርሓስ ገብረእየሱስ ሓጎስ፡ ኣሞይ ሊባኖስ ሓጎስ ኪዳን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ሙሴ ተስፋይ ገብረእዝጊ፡ ሓምቦይ ፍስሃየ ገብረእዝጊ ወልደጻዮን፡ ብሀያብ መልክዕ ዝሃቦ ወህቡቶ ክጽደቀለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ራሕማ ለሰሊ ማዕሩፍ ምባል ተረፉ፡ ራሕማ ማዕሩፍ ክርስዩድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ገብረመድህን ተስፋማርያም፡ ኣደይ ኣቦ ዐስማን ዓሊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

እስቲፋኖስ ተስፋይ ምሕረትኣብ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣብርሀት ኣስፍሃ ዓንደየሱስ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ኣሕዋታ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሉችያ ፊደሪቺ ጁዘፔ፡ ኣቦይ ቺቸሮ ኣንቶንዮ ሳልባዮር ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሃር ሃብቱ ተኽለይ፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ኣብርሃም ገብረህይወት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ተጋ/ደሃብ ዘርኡ ዕቑባዝጊ፡ ሓፍተይ ትርሓስ ዘርኡ ዑቕባዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ቴድሮስ ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሙሉጌታ ገብረጻድቕ ሰባህቱ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ።

ናኦድ ሰሎሙን ታደሰ ምባል ተረፉ፡ ምስየኖ ሰሎሙን ታደሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሃይለ ናበተደናጸር ሃይለመስኮት ምባል ተረፉ፡ ሃይለመስኮት ናበተደናጸር ሃይለመስኮት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣርሴማ ክፍለሃንስ ኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ገብረሚካኤል ክፍላይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሸልማ መረሕ ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሄሰና መረሕ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኑቤየት ዓንደማርያም ዑቕባሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ትርሓስ ዓንደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የኣል ርቢል ግደ፡ ስም ኣደይ ኣኽበረት ዓንደብርሃን ተክለሃይማኖት ምባል ተረፉ፡ ሻም ዓንደብርሃን ተክለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ልዋም ገብረህይወት ወልዱ፡ ኣደይ ዘውዲ መሓሪ ተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

የናስ ሃብቶም ምስየኖ መሓሪ ምባል ተረፉ፡ የናስ ሃብቶም ምስየኖ ትኩእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣዜጋሽ ኣለሙ ከበደ፡ ብዓል ቤተይ መም/ሙብራህቱ ቴድሮስ ተፈሪ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሻሹ ተወልደ መንግስቱ፡ ኣቦይ ተወልደ መንግስቱ ተዓድን ኣደይ ማሙት ገብረስላሴ ዘወልዲን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ 4 ተተኻእትን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣንገሶም እምባየ ሓጎስ፡ ሳራ ዑቕበ ጻድቕ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 3 ተተኻእትን ወረስታ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ገብረሂወት ፍስሃጼን፡ ብዓል ቤተይ ኣስመሮም ገብረትንሳኤ በርህ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ደርጓኣለም ተኽሉ ጸጋይ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ብርሃነ ህብትዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ታደሰ ሃብቱ የውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ዶታን ሃብቱ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ገነት ወርቀ ኪዳን፡ ሓወይ ገብረንጉስ ወርቀ ኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ኤደን እስቲፋኖስ ኣሰረስ፡ ተኸሳሲ ኣስመሮም ገርጃ በየነ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ መሰረታ ስለ ዘሎ፡ ተኸሳሲ ኣስመሮም ገርጃ በየነ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ኤደን ሰዩም ኣለማዮ፡ ኣቦይ ሰዩም ኣለማዮ ወርቁ፡ ኣደይ ትደግ ትኩል ዘርሁ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሙት ገብረየውሃንስ፡ ሓወይ ገብረሚካኤል ገብረየውሃንስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣቶ ዳዊት ተወልደ ባየረ፡ ኣደይ ዘውዲ ኣብርሃም ፍስሃጼን ስለዝዓረፈት፡ በቤታ ናይ መጸምድቲ ማሰል ክሕለወለይ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑቤየት መሓሃን ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር ገብረስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ 1 ተተካኢ ወዱ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሚልየን ተኪኤ ፍስሃ፡ ኣቦይ ተኪኤ ፍስሃ ተኽለየሱስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ተመስገን ተስፋይ ኣብርሃም፡ ኣቦይ ተስፋይ ኣብርሃም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃይማኖት ካሕሳይ ኣብዩ፡ ብዓል ቤተይ ወልደኣብ ደበሳይ ተኽለጻዮን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሄለን ገብረመስቀል ወልደየሱስ ምባል ተረፉ፡ ሄለን ገብረመስቀል ወልደገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ብፍናይ ቀደም ኣጸዋወዓ ዞባ 5 ምም/ 01 ጎደና ቆኛ/ ሰለባ ወልደስላሴ፡ ቁሎታ 76 ቁ. ፓርቸላ L ብ ቁምስክር ወረቐት 115272 መወከሲ ቁ. 138755/56 138758፣ 6 ቀንዲ ክፍሊ 9 ተሓጋጋዚ ክፍሊን ዝተደኮኖ ሸለታ፡ ብስም ወረስቲ መርያም ዐብይድ ባሓበሽ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ዓሊ ባሓበሽ ምስ 3 ወረስቲ 1.ፍትሒ መሓመድ 2.ረቂያ ኣሕመድ 3. ኑር ኣሕመድ ዝተመዝገበ ብጽሒት ኣፍ/ሄር ራቂያ ኣሕመድ ካብ ወረስቲ ሳልም ሰዒድ ባዙሓም ምስ +7 ስለዝዓደክምሞ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጅናል ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ከውድእ ምኳነይ እሕብር።

ኣኽሊሉ ተኽለሃይማኖት እዛዘ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር/ከባቢ ሹቕ ፈረንጂ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን GBL00008581 ናይ ጋራጅ ትካለይ፡ ንኣቶ መርሃዊ ተኽለሃይማኖት፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር ከባቢ ሹቕ ፈረንጂ፡ ብዕለት 06/04/2026 ብቑ/መዝገብ 4421924 ብወህቡቶ ስለ ዝሃብኩዎ፡ ብስም ወሃቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወህቡቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ኣሰፋሽ ገብረስላሴ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ናዝሬት ፍሰሓጽዮን ባህታ፡ ኣደይ ለተብርሃን ክፍሉ ባህረ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ጺጋ ወልደሚካኤል ተኽስተ ምባል ተረፉ፣ ጺጋ ወልደሚካኤል ከስተ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ክብሮም ተስፋማርያም በየን፡ ኣቦይ ተስፋማርያም በየን ዑቕባይ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሄለን ጺጋይ ገብረኣምላኽ፡ ኣደይ እየሩሳሌም በርሀ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሄለን ጺጋይ ገብረኣምላኽ፡ ዓባየይ ኣማረሽ ማስፍን ኢማም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ንወላዲተይ ተኪኤ ምስ ሓትነይ ሰናይት በርሀ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተብርሃን ሓዳራ ወልደገብርኤል ምባል ተረፉ፣ ለተብርሃን ሓይለሚካኤል ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሩታ ተስፋገርግሽ ፍስሃጼን ምባል ተረፉ፣ ሳምራዊት ተስፋገርግሽ ፍስሃጼን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኑበይ ሰለሞን መሓሪ ምባል ተረፉ፣ ሂብል ሰለሙን መሓሪ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ነጃት እጣ ሰዒድ ምባል ተረፉ፣ ነጃሕ ዓጣ ሰዒድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት ዑቕባት ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፣ ልዋም ዑቕባት ተስፋማርያም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊሩዝ ኣማረ ወልደማርያም ምባል ተረፉ፣ ደለና ማርያ ወልደማርያም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄርሞን ታደሰ ኣብደ ምባል ተረፉ፣ ኣሮን ታደሰ ኣብዲ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንግስቲ ፍስሃ፡ ስም ኣደይ ኣልጋሽ ሃይለ ጉብረ ምባል ተረፉ፣ ኣልጋሽ ኣብርሃ ሃይለ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሃም ከስተ ኣኪላስ ምባል ተረፉ፣ ናትናኤል ከስተ ኣኪላስ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ኣንጎሶም ንጉሰ ስኡለ ምባል ተረፉ፣ ሚሓሪ ንጉሰ ስኡለ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑቅባሚካኤል መሓሪ ንጉሰ ምባል ተረፉ፣ ግርማጽዮን መሓሪ ንጉሰ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍሊሞን ተስፋይ ትኩእ ምባል ተረፉ፣ ዓንደማርያም ተስፋይ ትኩእ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሓመድ ምባረክ ምባረክ ምባል ተረፉ፣ መሓመድ መባረክ ሰሩር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ሃይለ ጉብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ መሓሪ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይትሓለወለይ፡ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሐሰን ኢብራሂም ሓምድ ምባል ተረፉ፣ ሓሰን ኢብራሂም ሓምድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድኣሕመድ ሓምድናር መሓመድ ምባል ተረፉ፣ ኣሕመድ ሓምድናር መሓመድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ ሐሴን ማሕሙድ ምባል ተረፉሓምድ ሐሴን ማሕሙድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍቱክ ዓብደልሩሕማን ዑመር ምባል ተረፉመሩድ ዓብደልሩሕማን ዑመር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት ቃልኣብ ኪዳ ምባል ተረፉ፣ ጉብረኣላ ቃልኣብ ኪዳ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ በርሀ የሃንስ፡ ኣዴና ኣመተሚካኤል ተወልደ ኣድሓኖም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓሰን ሓጂ መሓመድሙሳ ሳይቅ ምባል ተረፉ፣ ሓሰን ሓጂ መሓመድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተንሰኤ ተስፋማርያም መብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ዘርኡ ደብሩይ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይትሓለወለይ፡ 15 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሳ ሕመድዓሊ ዑመር ምባል ተረፉ፣ መሳ መሓመድዓሊ ዑመር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማ/ከተማ ዚፕ ኮድ 1A173 ፕሎት 11 ፓርሰል M ቁ.ገዛ 18A ጎደና ማትኣ ስፍሓት 348 ት/ሜ 4 ቀንዲ ክፍልታት ምስ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዘጠቓለለ ኣፓርታማ ገዛ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለይ ቁ.ንብረት 1BRASM020876 ብስም ኑረዲን ሐሴን ኣደም ዝተመዝገበ፡ ናብ ዓናጊት ኣዜብ ጺጋይ ዘርኣይ ክመሓላለፍ ስለዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣዜብ ጺጋይ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ንኣብ ቤት ጽሕፈቱ ዝርከብ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ኮምፕዩተራት፣ፕሪንተራት፡ ፕሮጀክተራት፡ ስካነራት፡ ከም'ኡ'ውን ፍሪጃት፣ ኣብ እዋን ብልሽት ን2 ዓመት ክጽግኑልና ዝኽእሉ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1.ተጫረትቲ ናይ 2025 ዓም ዝተሓደሰ ልቸንሳ።
2.ተጫረትቲ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 8፡30 ቅ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
3. መጫረቲ ሰነድ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ቁ.ገዛ 71 ክወሰድ ይከኣል።
4.ቤት ጽሕፈትና ካልእ ኣማራጺ ምስ ዝርከብ በዚ ጨረታ ኣይግደደን።
5. ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ 07145671 ወይ 07843964 ደውሉ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ምም/ከባቢ ዓዲ ሰጉዶ ፕሎት 16 ፓርሰል A ቁ.መለለይ ንብረት 1፡008880 ብስም ነ/ሄር ገብረሚካኤል ሓድጉ ተስፋይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብሬቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺበዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዘዮ ዝበል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ. 07125625 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይቀሪቡ፥ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ለተብርሃን ግርማይ ረዳ

---

ኣነ ኣቶ ደብረጽዮን ሃብተሚካኤል ግደ፡ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ኣስመራ ምምሕዳር ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ቀሓውታ ዞባ 3 ምም/11 ጎደና 716-16 ፕሎት ቁጽሪ 47 ፓርሰል D ዝርከብ፡ ካብ ነፍ/ስራጅ ቃሰም ብህያብ ብሕጋዊ መንገዲ ዝዓደግክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስመይ ብምቕያር ክመሓላለፈለይ ስለ ዝደለኹ፣ ኢቃወም እየ ዝበል እንተሎ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሓደ ወርሒ) ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ንብረት መመዝገቢ (ካዳስትራል ኦፊስን) ይቕረብ።

ኣቶ ደብረጽዮን ሃብተሚካኤል ግደ
ብወኪል ኣቶ መንግስትኣብ ገብረሚካኤል ወልዱ

---

ብስም Felket P.L.C ዝተመዝገበ፡ ብቁ/ፍ.ዋኒን ASL00036686 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲግራማት ቁ.ገዛ ሰከይቲ ዝርከብ ናይ ሬስቶራንት ትካለይ፥ ንወ/ሮ የሩሳሌም መሓሪ ሃብተስላሴ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ ሓዝሓዝ ቁ.ገዙ– ካብ ዕለት 0/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2032 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

Felket P.L.C
ሕጋዊ ወኪል፡ ጉዕባ ጸገዘኣብ ዘርኣይ

# ነገረ ጀንደር - ኣብ ቦታ ስራሕ መረዳእታ ዝጠልብ ኣምር

ግርማይ ኣብርሃም (ሃኮስኤ)

2ይን መወዳእታን ክፋል



ማዕረ ኣተሓሕዛዶ ምዕሩይ ውጽኢት፤

~ ማዕረ ኣተሓሕዛ ናብ ምዕሩይ ውጽኢት ከየምርሕ ይኽእል'ዩ፣ ምኽንያቱ፡ እቲ መመዓራረዪ ንኹሎም ውልቀሰባት ብማዕረ ኽይጸልዎም ስለ ዝኽእል። ገሊኦም ዝያዳ ኽረብሑ የኽእሎም። ንዑፍ፡ ንሓርማዝ፡ ንህበይ፡ ንዓሳን ክልብን ኣብ ሕደ መቓን ውድድር ብምእታው፡ ምሕኳር ገረብ ከም መለክዒ ውድድር እንተ ተወሲዱ፡ ህበይን ዑፍን ክሎ ጌና ረባሕቲ ናይ ውድድር ምኳኖም ኣየጠራጥርን። ኣብ ምዕሩይ ውጽኢት ዘድሃበ ኣተሓሕዛ ግና ኣብ መንጎ ውልቀሰባት ዘሎ ፍልልይ የነጽርን ነቲ ፍልልይ ከጽብብ ይሕልንን። ስለዚ፡ ከከም ባህሪኦም፡ ዝተፈላለየ ኣተሓሕዛ ይጥቀም።

~ ማዕረ ዕድላት ወይ ባይታ ስለ ዝፈጠርካ፡ ማዕርነት ተረጋጊጹ ኽበሃል ይከኣልዶ፤

### ግብራዊ ወይ ዝጭበጥ ማዕርነት (Substansive Equality)

~ ግብራዊ ማዕርነት፡ ኣብ ጽኑዕ መስርሕ ፖሊሲን መምርሒታትን ከይተገደሰ፡ ኣብ ግብራዊ ውጽኢት ጥራይ ኣድሂቡ ዝሰርሕ ኣተሓሕዛ እዩ። ስለዚ፡ ሕጊ ኣብ ቦታኡ ኸሎ ብምትዕጽጻፍ ግና ንገሊኡ ሰራሕተኛ ኣብቲ ዘድምዓሉ ኽትምድቦ ግድነታዊ ይኸውን። ብዙሓት ደቀንስትዮ ብምኽንያት ሕርስን ጥንስን ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ቦታ ስራሕ ክርከባ ኣጸጋሚ'ዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ገዛ ኹይኑ እንተ ተዓየየ፡ ንትካል ጸገም ዘየምጽኣሉ እንተ ኹይኑ፡ ግድነት ኣብ ቦታ ስራሕ ተረኺባ እናበልካ ምጭቕጫቕ ግቡእ ኣይኮነን። ከም ፍታሕ ደኣ'ምበር፡ ከም ሓለፋ'ውን ክረአ ኣይግባእን።

### ምእላይ ሓጹር፡ ንራእይና ናብ ምልኣት ዘለዎ ኣተሓሕዛ ምምዕባል

ኣብ ገሊኡ፡ ሕቶ ጀንደር ብኣድማዕነት ከይትግበር፡ ከተለልዮን ክትኣልዮን ዝግባእ ሓጹራት ኣይሰኣንን'ዩ። ነዚ ልዕል ኢሉ ተመልኪቱ ዘሎ ኣሳእል እንተ ተመልኪትና፡ ሕቶ ጀንደር ክለዓል ዝቐሰብ ሓጹር ክእለ ከም ዘለዎ'ዩ ዘዘኻኽረና። እቲ ሓጹር እንታይ ክገብር ኣብኡ ጸኒሑ፤ ኣብኡ ምጽናሑ ምኽንያታዊ ድዩ፤ እንተ ተኣለየ፡ እንታይ ዋጋ የኽፍል፤ እንታይ ሓደጋ የስዕብ፤ ሓጹር እንተ ተኣልዩ'ምበኣር፡ ማዕረ ኣተሓሕዛን ምዕሩይ ውጽኢትን ብሓንሳእ ይመጽእ ወይ ይርከብ።

### ጀንደር፡ ዕዮን ምፍጣር ሽቕለትን

ከምዚ ተደጋጊሙ ዝተገልጸ፡ ሕቶ ጀንደር ሕቶ ተራ ወዲ ተባዕታይን ጓለንስተይትን ዘረጋግጽ መስርሕ'ዩ። ጀንደራዊ ተራ ኣብ ክልተ ኽምቀል ይከኣል፤ ንሱ ኸኣ ኣፍራይነት (Productive) ከምኡ'ውን ፍርያምነት (Reproductive)እዩ። ንግዲ፡ ኣፍራይነት መሳርሒታትን ኣቕሓን ዝበዝሕ እዋን ዕዮ ደቂ ተባዕትዮ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ሓያሎ ባህልታት፡ ምግቢ ምድላው ተራ ጓለንስተይቲ እዩ። እዚ፡ ተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ምእላይ ቈልዑ ማለት'ዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ክኢላታት ምድላው ምግቢ ደቂ ተባዕትዮ ኽም ዘለዉ ኸኣ ዘይምዝንጋዕ። እዚ ዘርእየና ነገር እንተሎ፡ ምድላው ምግቢ ባዮሎጂያዊ ተውህቦ ኣይኮነን። ከም ውሁብ ወይ ቅቡል እትወስዶ ልማድ ወይ ባህሊ ደኣ'ምበር፡ ጾታ ዝውስኖ ኣይኮነን።

ጀንደራዊ መዓርነት ዋላ'ኳ ብማሕበራዊ፡ ባህላውን ከባብያውን ረቛሒታት ዝጽሎ እንተ ኹነ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ከምዚ ዝኣመሰለ፡ ምስትውዓል ዝጐደሎ፡ ሃሳዪ ምክፍፋል ዕዮ ኽይህሉ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ምስትውዓሎም ከዛይዱ ኣገዳሲ ይኸውን።

ስራሕ፡ ጻማ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብዘይ የገድስ፡ ሕብረተሰብ ብልማድ ንዝሰረጾ ኣተሓሳስባ ጀንደራዊ ምክፍፋል ዕዮ የመልክት። ሓድሽ ተኽእሎታት ጀንደራዊ ምክፍፋል ዕዮ - ኣብ እዋን ስደት፡ ስድራቤታዊ ምምዝባል፡ ንቕሓት ሕብረተሰብን ተበግሶኡን ወዘተ የጓንፍ። ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኮሰት፡ መጽሓፍ መግዛእቲ ሲኖራ ብገብረእግዚኣብሄር ገብረመስቀል ንኣብነት፡ ደራሲ ብኹነታት ስደት ተጸልዩ፡ ፍጹም ሓሲብዎ ናብ ዘይፈልጥ ምሕጻብ ድስቲ ኾስኰስትን ክዓውነትን፡ ምኽሻን ዝኣመሰለ ስራሓት ክዓዪ እዩ ዝምስክር።


### ጀንደራዊ ማዕርነት ንምርግጋጽ ዘለዓል ምጉት


ጀንደራዊ መዓርነት ንምርግጋጽ ዘለዓል ምጉት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ፍታሕ ምንዳይ ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ትሕት ኢሉ ተጠቒሱ ዘሎ መማጐቲ ነጥብታት፡ ብውጽኢቱ ዝምዘን ምኳኑ ግና ክከሓድ የብሉን።

~ ሕደነት (sameness)፡- ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ሕደ'ዮም። ሕደ ዓይነት ኣተሓሕዛ ድማ ክግበረሎም ኣለዎ።

~ ተኻላኻላይ፦ ደቀንስትዮ ድኹማት እየን። ስለዚ፡ ካብ ዘይውሑስ፡ ዘይምሹእ፡ ዘይምዕሩይ ስራሕ ክንከላኸለለን ኣሎና።

~ ምዕሩይ ውጽኢት፦ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ሕደ ኣይኮኑን። እንተኾነ፡ ማዕረ እዮም። ብኣራምን እወታን ስጉምቲ ኣድልዎ ኽኣሊ ዝፍትን ኣተሓሕዛ'ዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ሕግታትን ደረጃኡ ዝሓለወ ሕጊ ዕዮን ልሙድ'ዩ።





## ዝርርብ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ብዓል ሞያ ስነ-ልቦናን

- *ኣበይ ኢኻ እትሰርሕ፤*

~ ከም ብዓል ሞያ ሕሳብ ኣብ ባንክ እሰርሕ።

- *ብዓልቲ ቤትካኸ፤*

~ ንሳስ ኣይትሰርሕን'ያ። ብዓልቲ ሓዳር'ያ።

- *መን'ዩ ንግሆ ንስድራኻ ቍርሲ ዘዳልወሎም፤*

~ ብዓልቲ ቤተይ፣ ምኽንያቱ፡ ከምዚ ዝበልኩኻ ስራሕ የብላን።

- *ብዓልቲ ቤትካ፡ ቍርሲ ኽተዳልወልኩም፡ ሰዓት ክንደይ ትትንስእ፤*

~ ሰዓት 5 ወጋሕታ'ያ እትትንስእ፣ ምኽንያቱ፡ ቅድሚ ቍርሲ ምድላዋ፡ ገዛ ኽተጽሪ ኣለዋ።

- *ደቅኻኸ ናብ ቤት ትምህርቲ መን የብጽሖም፤*

~ ከምዚ ዝበልኩኻ'ዩ፣ ስራሕ ስለ ዘይብላ፡ ብዓልቲ ቤተይ'ያ እተብጽሖም።

- *ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ኣብጽሓቶም፡ እንታይ ትገብር፤*

~ ዕዳጋ በጺሓ ትመጽእ። ብድሕሪኡ፡ መግቢ ተዳሉን ክዳውንቲ ትሓጽብን። ስራሕ የብላንያ!

- *ድሕሪ ስራሕ፡ ምሸት ቤትካ ምስ ኣተኻ እንታይ ትገብር፤*

~ ብሰንኪ ምሉእ መዓልቲ ክሰርሕ ምውዓለይ ስለ ዝደክም፡ ዕረፍቲ እወስድ።

- *ብዓልቲ ቤትካኸ እንታይ ትገብር፤*

~ ንኣይን ንደቅናን ድራር ትቐርበልና። ብድሕሪኡ፡ ድስቲ ኾስኵስቲ ኣጸራርያ፡ ገዛ ወላዊላ፡ ቈልዑ ተደቅስ።



ካብዚ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ዛንታ፡ መኖም'ዩ ዝያዳ ዝዓዪ፤ ካብ ወጋሕታ ኽሳዕ ኣመና ዝመሲ፡ ብዘይ ዕረፍቲ እናዓየየት፡ "ስራሕ የብላን፡" እዩ ዝብሃል። ብርግጽ፡ ብዓልቲ ሓዳር ምኳን፡ ምስክር ወረቐት መጽናዕቲ ዘድልዮ ኣይኮነን። ተራኣ ግና ዘይከሓድ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ነንስትኹም፡ ኣድንቕወን፣ ምኽንያቱ፡ ተወፋይነተን መግለጺ የብሉን።

ንሓንቲ ኣደ፡ "ሰራሕተኛ ዲኺ ወይስ ብዓልቲ ሓዳር፤" ብምባል ሓቲቶምዋ። ንሳ ኸኣ ከምዚ ብምባል መልሲ ሃበት፤

ኣነ ምሉእ መዓልቲ ዝሰርሕ ብዓልቲ ሓዳር'የ፣ 24 ሰዓት ንመዓልቲ እሰርሕ። ኣነ ኣደ'የ፣ ኣነ ብዓልቲ ቤት'የ፣ ኣነ ውልድቲ'የ፣ ኣነ ሰይቲ ወዲ'የ፣ ኣነ፡ ካብ ድቃስ እተበራብር ደወል ሰዓት'የ፣ ኣነ፡ ከሻኒት'የ፣ ኣነ፡ ገረድ'የ፣ ኣነ፡ መምህር'የ፣ ኣነ፡ ኣሳሳዪት'የ፣ ኣነ፡ ኣላዪት ቈልዑ'የ፣ ኣነ፡ ኣላዪት ሕሙማት'የ፣ ኣነ፡ ኢዳ ኣብ ኩሉ እትእቱ ሰበይቲ'የ፣ ኣነ፡ ብዓልቲ ስልጣን ጸጥታ'የ፣ ኣነ፡ ኣማኻሪት'የ፣ ኣነ፡ መጸናንዒት'የ። ኣውደኣመት የብለይን፣ ሓሚመ ዕረፍቲ ዝወስደሉ መዓልታት የብለይን፣ ካብ ስራሕ ኣይበኵርን'የ፣ ለይትን መዓልትን እሰርሕ፣ ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ'የ፣ ክፍሊተይ ከኣ ሓንቲ ምልእቲ ሓሳብ'ያ።

ጓለንስተይቲ፡ ከም ጨው ፍሉይ ባህሪ ኣለዋ፣ ህላወኣ ኣብ ግምት ኣይኣቱን'ዩ። ብዘይ ምህላዋ ግና ኵሉ ነገር መቐረት ኣልቦ'ዩ ዝኸውን።

ክብሪ ንኹለን ደቀንስትዮ!

# ዝኽሪ ዛዛሚ ኲናት
## ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ

ግርማይ ወልደግዮርጊስ
(መንከኒና)

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣብ ናይ ትማሊ ሕታምና "ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ - 6ይ ክፋል" ኣቕሪብናልኩም ምንባርና ዝዝከር ኮይኑ፡ እዚ ሕጂ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ፡ ብቐደም ተኸተል ናይ ግዜ ኣብ ራብዓይ ክፋል ክኣቱ ዝነበሮ ትረኻ ምኻኑ እናገለጽና፡ "4ይ ክፋል" ተባሂሉ ክንብብዎ ክሰድን ምስናይ ይቕሬታ ንሕተብር።

## ምስ ጥሑን ስንቁ ኣብ ብሎኮ ኣስመራ

ግንቦት 24/1991 ምሸት ማኪና ወዕል መኾኣ ቤት ገርጀሽ ሰለዝበረ ምሉእ ብምሉእ ኣዕሪፈት። ኣብዚ ቦታ'ዚ ካብየ ግንባሩን በቦመኣዝሉን መጺኡ ኣብ ጸቢብ ቦታ ዝተኣከበ ተጋዳላይ ጸጉሪ ርእሲ እዩ። እቲ ምብዛሕ ኣይመዛረበ፡ እቲ ስክፍታ ዝፈጠረ ጉዳይ፡ ዳርጋ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ከም መግለጺ ሓጎሱ ገሊኡ ሓዊ ዝመስል ሓባሪ ጥይት፡ ገለ ተራ ጥይት፡ ብዘይ ምቁራጽ ናብ ሰማይ ገጹ እናተኩሰ "ቶግ. . .ተሮግሮግ-ተሮግ. . . " የብል ምንባሩ እዩ። "ክብራት ጸቡቕ ኣብ ዝሸደሉ ግዜ'ዩ ዝያዳ ምጥንቃቕ ዘድሊ!" ንዝብል ብሂል ዘየናኽር ቅጥዒ ኣልቦ ተኹሲ፡ ሓጎስ ዝደፋፍኦ ስምዒታዊ ብምንባሩ፡ ሓደጋ ከየስዕብ ናይ ግዱሳት ብፍላይ ናይ ሓለፍቲ ዓቢ ስክፍታ ነበረ። ካብዚ ተበጊሶም፡ ሓለፍቲ ብትርር ዝበለ ደምጺ "ተኹሲ ኣቋርጹ!" ክብሉ ይሰምዑ ነበሩ።

ኣነ ኒታ ተወሊደ ዝዓበኹሉ ገለ ክፋል ናይ ንእስነተይ ዘስተማቕርኩላን ዝተምሃርኩላን ግና ግደንት ኮይኑኒ ኣርባዕተ ሜትሮ ዝጎላን ብ2.50 ብር ዝተዓደገ ኮንጎን (ሹዳ) ገይረ፡ ብምሂራም ጭሩ ኣበለ ንድርፎ ምስ ከደኩ ድሕሪ 16 ዓመት ዝምለሳ ዝነብርኩ ኣስመራ ክርግጻ ምኽኣለይ፡ ክገልጾ ዘይክእል ሕውስዋስ ዝበለ ስምዒታት እየ ትፈጥረለይ ዝነበረት። "እምብር'ዶ ሓቂ'ዩ" ዝብል ዘረባ ደጋሚ ብወከይ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሓት ዝደጋግምዎ ዘረባ'ዩ ነይሩ። እቲ ኣቶርት ዝበዝሐ ጉሓፍ ከተማ ኣስመራ ዝእከበሉ ቦታ ዝፍትዎ ዝነበር ጨና፡ ካብ ምሓር ምንፋቕ ዝቐለ ግዲ ኮይኑ፡ ጥዑም ጨና ራሓን ዝልግለይ ዘሎ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ንዓይ ጥራይ ዘይኮነ ዳርጋ ንኹልና። ምኽንያቱ፡ ሓደ'ኳ ኣፍንጫኡ ሐዚ "ፎእ" ዝብል ብዘይምንባሩ።

እቶም ኣብቲ ቦታ ዝተኣኻኸቡ ተጋደልቲ ካብ ምብዛሖም ዝቐለ ዀ ስጉሚ እግሪ'ውን ተጠንቂቕካ'ዩ። ኣይተዛንዶ ቅድም ዝፋለጡ፡ ዘይፋለጡ'ውን "ሓቀይ ወቓሕ ወቓሕ ኣልካ፡ ቅድሚ ሕጂ ንፋለጥ ይመስለኒ" እናተበሃሃልካ ምጥይያቕ ግድን ኮነ። እዚ ኹሉ ተጋዳላይ፡ ንምትሓዝ ኣስመራ ዝጠቕዐ ቃላት ከምዝሰኣኑ ብዘይደጋገም ተኹሲ'ዩ ዝገልጾ ዝነበረ። እንተኾነ ከም ሳዕቤኑ ዝመጽእ ሓደጋ እሞ ከኣ ኣብ እዋን ናጽነት ክበድ ሰለዝበል ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ካብ ስምዒት ርሒቑ ዝስተብህል ናይ ዝትኩስ ብዙሓ ጠያይቲ ስክፍታ ከበደ። ኣነ'ውን ከምቶም ዝግለጹን ዝፀንሑን ዝበሩ ኣጃመይ ንክዝብር፡ ናብቲ ኪኾ ጽርግያ ኮይኑ፡ ጥቓ'ቲ ትርጎም ናይቲ ብጠዚሒ ዝትኩስ ዝበረ ጠያይቲ ሓርቢቱዎ ብዘይልቡ ደጋጊሙ ዝሃልል ዝበረ ዕባራ ኣድጊ ኮይኑ ብጸዕቂ ዝትኩሰ ናብ ዝበረ ብጹይ ተበገስኩ። እቲ ብጹይ፡ ሓጹር ክስሱ ማዕረ ሕጽሩ እትዳረግ ቀምጢ፡

ክሳብ ብርኩ ዝወረደት ወተሃደራዊት ጃኬት ለቢሱ፡ ግርማ ዝጸ ጸዑቕ ጀብጀብ ጸጉሩ፡ ኑቲ ሓጹርን ዕትሮን ዝመስል ዶጭዳጭ እግሩ ናብ መሬት ከይወድቕ ተባዚሉ ገጥ ዝበለ ጋማባለ ዝኣሰረ፡ ሓንቲ ካዝና ወዲኡ ካልኣይቲ ካዝና ኣእትዩ እናዓመረ "ኣቋርጽ!" በልኩዎ ደምጸይ ኣትሪረ።

"ኢሂ ብጻይ ናይ ደሓንዶ!" በሉ፡ ኢዱ ካብ ቃታ ከይፈለዩ፡ ንተግባሩ "እንታይ ኣቦሳ ኣሎዎ!' ብዘስምዕ ቁመና። ቀሪብና ንኸንዛራረብ ጸግዕ ምስ በልኩዎ፡ ኣጸቢቓ ዝፈልጦ ተሰፎም "ጥሑን ስንቁ" ኮይኑ ረኺበኩዎ።

"ዋይ! ጥሑን ስንቁ! እዚ ኩሉ ተኹሲ ዝፈነኻዮ'ሲ ብኻልእ ኣዘራርባ ንዓይ ንምጽዋዕ'ዩ" ተባሂሂልና ከምቲ ልሙድ ኣድ ድሕሪ ምጭብባጥ ናብ መኽዑብ ምግናጽ ገጽና ሰገርና። "ጥሑን ስንቁ" ብረቱ ኣሰፊሉ ዘረባ ምጥጥ ኣቢሉ "እዋይ መንከኒና ዓርከይ፡ ሓደ ሓደ ግዜ እኳ በቲ ናብ ደምጺ ሓፋሽ እትልእኮም ጽሑፋት፡

ምህላውካ እግምት ነይረ እዩ። ዘሎ'ዩ ዝራኸብ ክበሃልሲ ሓቂ'ዩ" በሉ፡ ምልክት ናፍቖቱ መኽዑብይ ክሳብ ዝሰዕ ከም መድፍዕ ብመኽዑብ እናደረዐ።

ኣነ ከምዝፈልጦ ጥሑን ስንቁ ከም ኩሎም መጋድልቱ ፍቕሪ ሃገር ዘጠሮ ምሓር ወተሃደራዊ ዝንባለ ዝበሮ ሰብ'ዩ። ካብ ኩሎም ዝመሃርም ዝበረ ኣካዳምያዊ ትምህርትታት ርእሱ ከፊቱ ዝቕበሎ እንተነይሩ ወተሃደራዊ ስልትን ክልሱ ሓሳብን'ዩ ነይሩ። ንኣካዳሚ ዝተዋህባ ጥራዝ ኣብ ገበራ ወይ ብረት ካላሽን ወይ ተጋዳላይ እናተኩሰ'ዩ ዝሽእሎ። "ዓወትና ብደምና!" ደማ ዝፈትዋ ጭርሖኡ እያ ነይራ። ጥይት ምትኳስ ባህታ ዝፈጥረሉ ብምንባሩ፡ ካብ ዝተሰልዓሉ ጠያይቲ እንተ ኣጉዲሉ ከይቐጽዕ ምእንቲ፡ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ውግእ ካብ 30 ክሳብ 40 ጠያይቲ እዩ ዝሓብእ ዝበረ። "ኤርትራ ሓንቲ ትንፋስ ጥራይ ከፊልካ ሓራ ኣይትወጽእን'ያ!" ዝብል ብሂል ካብ ልሙድ ብሂላቱ'ዩ።

ውግእ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ልዕሊ ወርሒ እንተጸኒሑ ንጥሑን ስንቁ "ከመይ'ለኻ" እንተ ኢልካዮ፡ "ኣጻብዕትና ቃታ ብዘይ ምስሓቡ ፈጋዕጋዕ ኢሉ ኾይኑ'ዩ፡ ስርዓት ደርጊ (ኢትዮጵያ) ዝኣክል ጸላኢ ኣብ ደምብና ኮፍ ኣቢልና ደቂስና ንሓደር ደቂስና ነርፍድ፡ ዝሽ'ሞ እንታይ ጸቡቕ ክበሃሎ" እዩ ዝብሎ። ጓል'ውን እንተኾነት፡ መልክዓ ዘይኮነ ብቕሉዕነተናኣ ወተሃደራዊ ቁመናን ኣተሓሳስባን እንተለዋ

እዩ ዝፈትዋ። ሃንደበት ቦምባ ከበድ ብረት ኣብ ከበቡኡ እንተወዲቑ፡ ከም ገሉ ገለና ተፈጥሮኣዊ ግብረመልሲ ሰንቢድ ኣይብልን'ዩ "ደሃይካ ኣይተሓብኣ!" እያ ነይራ መልሱ። ኣብ ግዜ ውግእ ዝኾነ ሰብ ከም ንብር ጠያይቲ ብኣእዛኑ እናፋጸየ ኩሓልፍ እንከሎ "ምዩቕ" እንተ ኢሉ፡ "ከም ሃመማ ሰሰ! በሉ፡ ምዩቕ ኣይትበል" ኢሉ ክሰዱ'ዩ ዝዛርሞ። ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ውግእ ኑብሾካ ከይሓለኻ ልዕሊ ብጹትካ ንቕድሚት ጠዊኹ፡ መምርሒ ከይተቐበልካ ልዕሊ ግቡእን ዓቕምን ክሳብ እትሰኣን ደድሕሪ ጸላኢ ተሃንፊፍካ" ዝብል ኖቐፈታታት እዩ ዝወርዶ ነይሩ። ጥሑን ስንቁ ግን "ነቐፈታ ኣይነፍሕ ኣይቀርጽ - ሃናጺ'ዩ" ብምባል'ዩ ዝቕበሎ። ግና ናብ ንብሩ'ዩ ዝምለሱ፡ ስለዚ መጋድልቱ እንኮብ "እዚ'ባ ገርካ እዚ ደገምካ" ምባል ጉዳዩም ንምጽዋር ከም ዕላማ ሓዚም ምስኡ ጠቢዩ ምልምማድ መረጹም።

ኣብዚ ናይ ናጽነት ቦታን ግዜን ንጥሑን

ስንቁ ብምርካበይ፡ እዞም ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎም ተርእዮታት ቅጅል በሉኒሞ'ም " ልባ ከመይ ኣለኻ፡ ናጽነት እምበኣር ርኢኻያ" በልኩዎ መእተዊ ዘረባ ክኾነኒ።

"ናጽነት ምርኣይም የሐገሰ'ዶ ኢልካዮ፤" በለ ገጹ ንእለት ኣሲሩ።

"ኢሂ!" በልኩ ካብ ትጸቢተይ ወጻኢ ኮይኑኒ።

"ዋእ ናጽነት እኮ ብቐደሙ ንህዝቢ ኤርትራ'ምበር ንጥሑን ስንቁ ተባሂላ ኣይተዓትትን ትስራሕ ነይራ። እዚ ውድብ'ኮ ካብ ኣብራኽ ህዝቢ ተፈጢሩ፡ ኣብራኽ ህዝቢ ምድልዓል እዩ ተልእኾኡ። ባህገይን ምርጫይን ከኣ ኣነ ተሰዊአ፡ እቶም ሳህመት ኤርትራ ዝኾኑ ኣርኪበት ንኣቶም ክርእዩዋ'ዩ ነይሩ ባህገይ" በለኒ። ናይ ዝበደለ ሰብ ስምዒት እናሓደሮ።

"ሓቅኻ ነይርካ እንተኾነ ግን እቲ ዕድል ንኹሉ ብማዕረ ኣይዕደልን'ዩ። ምርጫ ኩሉ ተጋዳላይ እዚ ዝበልካዮ እያ ነይራ። ግና ንክበራት ካብ ባህጊኻን ሓሳብካን ወጻኢ ዝዘውርም ካልእ ሓይሊ ስለዘሎ. . " በልኩዎ። ካብቲ ዝበርዎ ሓሳብ ንኸውጽኦ ደማ "ስማዕከ ጥሑን. . ካን ተኹሲ ኣይመሓኻዮን ከምኡ ኢልካ ኣይሓድግዮን። ዕድመ ጥራይ ዘይትካ ተኹሲ'ውን'ኮ የሸምግለካ'ዩ" በልኩዎ፡ ሰሓቕ ሓዊሰ።

"እንታ ዝሽ ብዘይ ተኹሲ ንኣዋርሕ ካብ

ንቦ ናብ ንቦ ክጦባጠር ዝሓለፍኩዎ ኣዋርሕ፡ መደበስታ ዝኾውን ናይ መውዓእታ ቃላዕ ማለት ውግእ እንተ ዘርከብ ነይሩ፡ ዝበን ኣብ ዕጥቀይ ዘለዋ ጠያይቲ ናይ ኣኸር ምትረጋርጸኩለን ነይረ" በሉ፡ ንተኹሲ ኣፉ ማይ እናመልአ።

"እሞ ሕጂ ናይ እትትኩሶ ዘለኻ ትርጉም እንታይ እዩ" በልኩዎ።

"ትርጉሙ'ዶ፡ ብቐዳምነት ኣስመራ ሓራ ምኻና፡ ካልኣይ ደማ ድሕሪ ሕጂ ተኹሲ ዝበሃል ኣብ ኤርትራ ስለ ዘብቅዕ ናይ ኣኸር (መውዓእታ) ክንትኩስ" በሉኒ።

"ይግበረልና" ዝብል ሓጺር ቃል ድሕሪ ምሃበይ ሓደ ነገር ትዝ በሉ'ሞ፦

"ስማዕባ ጥሑን ስንቁ፡ ኣብዚ ናይ ናጽነት ቦታን ግዜን ኮይንካ ንመጀአቲ ብኸመይ ምገለጽካዮ፤" ክብል ኑቲ ተረኺብ ዘረባኡ ንምስዋዕ ተወከስኩዎ። ጥሑን ስንቁ ኑቲ ሽዑ ወጋሕታ ዝወርድ ዝበረ ዛሕሊ ምርካስ ገይሩ፦

"ዋእ! ርእየ እንዶ ዝሽ ዝሓለ- ቦታኡ'ኮ ላዕላይ ሰማይ ኣብ በሪኽ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኑቲ ኣብ ላዕሊ እንከሎ ዝየጥም ዝበረ ተፈጥሮኣዊ ብሃንን ሓጎስንጸን ክጻወር ስለ ዘይከኣለ፡ ንታሕቲ ናባና ወሪዱ፡ ዓንጺ ዓንጺ ንግዕጺ ንኣና ከሸግረና ይፍትን። ንኣና'ውን ከም ባህጉ ከየሰፈና፡ ብጹሓይ ንግሆ ተጨልጊሙ ንሓዋሩ ይብንን ዳጣጋይ'ውን ኣይምለሰን። መግዘኣቲ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ኤርትራ ዳግማይ ከም ዘይምለስ ንሓዋሩ እዩ ተጨልጊሙ" ኢሉ ናይ ልቡ ድሕሪ ምትንታን "መንከኒና'ኳ ሰራሕካ ኣይትገድፍን ኢኻ፡ እዚ ዘረባይ ትጽሕፎ'ኳ ከይደ ደኣ ከይደ" ኢሉኒ ተዓዘረ።

ኣነ'ውን ኑቲ ዝጀመሮ ተኹሲ ረብሪቡ ወይ ጠያይቱ ወዲኡ ከም ዘቋርጸ ተገዚበ፡ ሓዲገዮ ናብቶም ናይ ቀዳሲ ጉዕዞና ናብዮ ገጹ ምኻኑ ሓብሬታ ዝጸበዩ ዝበሩ ኣሃዱና ከደኩ።

እቶም ብጹት "እንታ እዚ ክትትኩስ ዝጸንሐ መን'ዩ" ክብሉ ብኣንክሮ ሓተቱኒ።

"ጥሑን ስንቁ'ዩ" በልኩዎም።

ሓደ ካብቶም ዝፈልጥዎ፡ " እቲ እንፈልጦ ጥሑን ስንቅና ደዩ" በለ ቅርበት ንምግላጽ። "እሞ ደኣ በዓል ወዲ ሕድሩን ወዲ ረብን ኣብዚ ኣለዉ ዘይትብሎ፡ ካን ከይተሰውኣ ናጽነት እምበኣር ርእዩዋ" ናብቲ ንሱ ዘለዎ መኣዝን እናቋመተ፡ ኣብ ወሸጠ ጸላም

ብዒይኒ ማዕዶ ክይልዮ እናተመጣጠረ።

"ወይንሸሹም ጥሑን ስንቁ'ሞ ናጽነት ምርኣዩ'ሞ መዓስ ተሓጊሱ፡ ንሱ ተሰዊኡ ብጹቱ ክርእዩዋ'ዩ ነይሩ ባህጉ" በልኩዎም።

"ኣላ ጥሑን ስንቁ ጸዕዳ" በለ እቲ ቀጢን ጸለም ስታፍ ምልክት ወዲ ሓከም። ዝሓዞ ሓበሬታ ቋጺሩ ናብ ዝምልከቶም እናተበገሰ።

ናይ ናጽነት መዓልታት ንሕና ብዘይፍለጠና መገዲ ማስርሑ እናቐጸለ፡ ወጋሕታ ካብ ዝሓደረ ጸላም ብልኡኹ ኮኾብ ጸግሐ ገይሩ 25 ግንቦት ዝብል ሰያመ ይሃርር ነበረ። ምሉእ ቅርጺ ናይቲ ዝበርናሉ ቦታ ደማ ክነዝደልና ጀመረ፡ ተረፈን ዝበራ ኣሃዱታትና ብርጌድ 35/88 ንኹሉ ጽርግያታት ጊንዳዕ ኣስመራ ከም ማይ ሰትየን ቤት ገርጀሽ ረጊጸን ኑቲ ዝጸንሐ ዕልቕልቕ ተሓወሰኣ። ከምቲ ህቡብ ደምጻዊ ወዲ ትኹል "ኣብ ዓለም ዝኸበረን ዝለዓለን ህዝቢ'ዩ፡ ዕድሉ ባዕሉ ናይ ምውሳን ክብር መሰል ደማ ኣለዎ፡ ህዝቢ ንምንብርናሽን ንምሙዛእን ዝቐርብ ዝኾነ ምኽንያት ውዱቑን ተኣዋርን'ዩ" ክብል ዝዘየሞ - ግንቦት 25/1991 ግብራውን ህያውን ኮነ።

ዳርጋ ብምሉኡ ተጋዳላይ፡ መውዓእታ ምዕራፍ ቃልሲ ወይ ምልኣት ናጽነት ከም ዝተረጋገጸ ተገዚቡ፡ "ኣብዚ ናበይ" ዝብል ሕቶ ኣልዒሉ ትንተና ክሁብ ጀመረ። እታ ዝያዳ እተገድሶ ዝበረት ግን ንኣስመራ ዝፈልጣን ዘይፈልጣን ኩሉ፡ "ኣስመራ ከየስተማቐርናያ ንሓለዋ ዶብ ወሰን ከይወስዱና" እትብል ዘረባ'ያ ነይራ።


እንተ ኣነ ግን ኑቶም ንኣስታት 60 ኪ.ሜ. ዝኸውን ከበድ ጾር ተሰኪምም ቤት ገርጀሽ ዝጸሐ ጋንታ ዶሸካ ኩነታቶም ንምፍላጥ፡ ኑቲ ቀበፅ ካብ ርእሱ ዘይፈልን ትግማሮ ዝፍሕም ቅጥን ኢሉ ማእከላይ ቁመቱ መራሒ ጋንታ ተወከስኩዎ።

"መቸስ" ኢሉ ዝግ ድሕሪ ምባል፡ "ምስቲ ንጸላኢ ከርኩብ ክንብል ብዘይ መግዛበን ማይን ብዘብዙብ ዝተጓዓዝናዮ፡ ኣካላትና ፋሕፋሕ ኢሉ'ዩ ዘሎ። ይኹን'ምበር ኒሕን ሓጦ ዓቢ ተሰፋን'ዩ ዝሽ ጠላዕ ንቅታት ኣየደብና" ክብል መስሰሊይ ኣመት ጋንታኡ ክነብር ተዓዘረ።

እቲ ብቕልጠፍ ኣሰገማ ዝበለ ማእከልነት ብርጌድና እዝራ (ወዲ ቐሺ) ምስቲ ካብ ምሓር ምቕይሑ ንወጻእተኛታት ዘየናኽር ሚካኤል ተኸለሰንበት መሳርሕቱ ኾተም ከሸንዲ ዓቢ ኩብያ ዝኾና ረደዮታት ሃለው ሐዚም ተመራሪሖም ናባና መጽኡ። ከም ልሙድ፡ ዝኾነ ሓላፊ መምርሒ ክሁብ እንተኾይኑ ብናይ ቀረባ ጸፍሒ መሳርሕቱ'ዩ ዝጅምር። ንቶም ኣብ ከበኦም ዝበርና ታሕተዎት ሓለፍቲ ሰላምታ ኢሎሙና፡ "መርዓዊ ኣበይ ኣሎ!" በሉና ስገምትታቶም ከየቋረጹ። ንሕና'ውን ከምኡ ክብሉና ምኻኖም ተጸቢናዮ ብምጽናሕና፡ "መርዓዊ ኣብቲ ኣንጻፉ ንቦ ኮይኑ ኣሎ" በልና።

እዞም ክልተ መራሕቲ ብርጌድ ኑተን ኣብ ሸነኽ የማን ተንጠልጠለን ምስ ሰለፎም እናተላማዱ ዝኹዳ ሽጋሪጦም ኣኸቲሎም ከዱ፡ ኣፅንቲና'ውን ሰዓብኖም። ድሕሪ ናይ ገለ ደቓይቕ ምምዳያጥ፡ እቶም ክልተ መራሕቲ በጠሎ'ንና ማለት ሞሳዘጊን (መርዓዊ) ሃይሉ ሃንስን (ወዲ ሃንስ) መናጽፎም እናዓጸፉን ዕጥቆም እናዓጠቑን፡ ሓዲኦም ብናይ ማዕዶ ዘረባ "ሃጸሰከ ዕጠቑ በሉዎም" ክብል መምርሒ ሃበና። ንሕና'ውን ንትሕተና ዘለዉ ትእዛዝ ኣመሓላለፍናን።

ይቕጽል . . .



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

# ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ካበይ ናበይ፧

*ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይ'ዚ፡ "ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ካበይ ናበይ" ብዝብል፡ ምስ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ኩባንያ ኣቶ ዑቕቢት ባህታ፡ ኣቦ መንበር ቦርድ ናይ'ቲ ትካል ሌ/ኮ ገረዝግሄር ተስፋገብርኤል (ባሻይ) ከምኡ ድማ ንሸውዓተ 8 ዓመት ኣካያዲት ስራሕ ቦርድ ብምዃን ኣብ ምግልጋል እትርከብ ዘላ፡ ገዲም ተጋዳሊት ፍረወይኒ ይግዛው፡ ቃል መሕተት ኣካይድና ዘዳለናዮ ብተኸታታሊ እንቅርቦ ዘለና ጽሑፍ፡ ኣብ ብዙሕ ሸነኻት ንጥፈታት ናይቲ ትካል ትኹረት ዝገበሩ ብርክት ዝበሉ ሃብታት ተኣንጊዶም ነይሮም። ኣብዚ ናይ ሳልሳይን መወዳእታን ክፋሉ ድማ፡ ካብኡ ዘይፍለ እቲ ኩባንያ ንደለይቲ ስራሕ ዝፈጠሮ ዕድላት፡ መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ርእሲ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ሞያ መኻኒክ ክምሃሩ ዝገበሮ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ኣቀርቦት ናውቲ መቐያየሪ ኣጋጢሙ ዘሎ ብድሆ ከምኡ ድማ ስእሊ መጻኢ መደባቱን እንታይ ይመስል ንዝብልን ካልኦት ሃብታትን ዝሓቘፈ ክኸውን'ዩ ሰናይ ንባብ-*

እኩባት ሰባት ጠርኒፉ ዝቖመ ትካል፡ ራኢታትን ክወቕዮ ዝደልዮ ዕላማታትን ሓዙ'ዩ ዝበገሰ፡ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ንግዓዊ ትካል'ዩ፡፡ ካብ ዝቖመሉ ሎሚ ዓመት 30 ዓመት ደፊኑ ኣሎ። ከም ሓሳብ ምስረታኡ ሰፊሕ ኣገልግሎት ዝህብ ብዙሕ መደባት ክሰምም ዓሊሙ ዝተበገሰ



ኣቶ ዑቕቢት ባህታ

ትካል ድማ'ዩ። እዚ ኩባንያ'ዚ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘለዎ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት መጐዓዝያ ዘገልግላ ሚኒባሳት፡ ክበጽሖ እንክሎ ዝተጠርያ እያን፡ ክሰፍሓን ክዕብያ መተካእታ ናይተን ኣብ ኣገልግሎት ዘለዋ ሓደስቲ ሚኒባሳት ምእታው ዘድልዮ ኮይኑ ይረኣየና። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፡ ብሓሳብ ይኹን ብኽይዶት (ተግባራውነት) ትካሎም ንምድንፋዕ ዝጸሕዎ ጉዕዞ እንተሎ ከብርሁልና፡ ኑቶም ዘዘራረብናዮም ኣካላት ናይቲ ትካል ተወከስናዮም ነይርና።

ንሶም ንሓበሬታን ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ክፋላት ሕታማትን ዝተጠቕሱ ሓሳባትን ምርኩስ ብምግባር፡ እቲ ትካል፡ ነዊሕ ራኢ ሓዙ'ዩ ተበጊሱ። መንግስቲ'ውን ብዙሕ ተስፋን ትጽቢትን ዘንበረሉ ትካል'ዩ ነይሩ። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ከምዝተጠቕሰ እቲ ኣብ ጉዕዞኡ ዘጋጠሞ ክሳራ፡ ራእይታቱ እናጨበጠ ንቕድሚት ንኸይሰጉም ወይ ንኸይግስግስ ንዝተወሰነ ግዜ መሓንቖ ኮይኑ እንተ ዓንቂጹን ብመጠኑ'ውን ንድሕሪት'ኳ እንተመለሶ፡ ክሳብ ናብ ፍጹም ናይ ምዕጻው ደረጃ ግን ኣየብጽሖን። ምስ ኩነታት ብዘሎ ብሶላ ጻዕሪን ሓያል ቃልሲን ናይታ ሓዳስ ዝተመርጸት ቦርድ ናይቲ ትካል፡ ካብቲ ዘጋጠሞ ክሳራ ወጺኡ ንቕድሚት ናይ ምውንጫፍ ዕማም ተሊሙ ይጓዓዝ ኣሎ። በዚ ደው ከይበለ፡ ዝበሮ ብዓቕሙ ትካላት'ውን ከጥሪ ክኢሉ'ዩ። ከምቲ ዝተጠቕሰ ብዙሕ ኣይኹን'ምበር፡ ኣብ መርሓኖ መኻዚኖታት ዘጠቓልል ዓቢ ጋራጅ፡ ብሰሪ ኣብ ምሕደራ ኣጋይዳኡ ዘጋጠመ ጌጋን ንሱ ዘስዓቦ ክሳራን ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣዋጅ መስርሕ ህንጻት ደው ዘበለ መምርሒ መንግስቲ ኣርኪቡዎ ገለ ክፋሉ ተሃዲሙ መስርሕ ህንጻቱ ከይሰጎመ ዝተኸልፈ፡ ኣብ መጻኢ መስርሕ ህንጻቱ ክዛዘም ጻዕሪታት ዝግበረሉ ዘሎ ኣብ ከተማ ተሰነይ ንቤት ማስት፡ ደኳናትን መዕረፊ ኣጋይሸን ከገልግል ተባሂሉ ዝተጀመረ ዓቢ ህንጻ ኣለዎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንኡሳን ዞባታት ሃገርና ብመጓዓዝያ ጥራይ ዘይኮነ ንተጣየስቲ ተጋደልቲ ትካላት ደዩ መንበሪ ኣባይቲ እናደኮንኩ ንብር ህይወቶም ዝመርሕሉን ናብራኦም ዘማዕብሉሉን ንጥፈታት ንምስልሳል'ውን ከም መደብ ሓዙ ክሰርሓሉ ዝፍትን ገለ ካብ መደባቱ ሐዚዎም ዝተበገሰ'ሞ ክሳብ ሕጂ ዘይሰለጠ ዘሎ፡ ኣብ መጻኢ ግን ክትግበር ዝሓሰበሉ መደብ እዩ።

ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ዝበሮ ዕዳ ኣጻፊፉ ስለ ዝኸፈለ፡ ዝዓቐሙ ርእሱ'ማል ክጉብር በቒዑን ከም ወጽኢት ናይ'ዚ ድማ፡ ሓደስቲ ሚኒባሳት ከእቱ ኣብ ዝኽእለሉ ደረጃ በጺሑን ኣሎ። ንኣተግባብራ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ መደብ ብዝምልከት ከኣ፡ ምስ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ርክባት ተገይሩ፡ ዓይነት ከእትወን ናይ ዝደልየን ሚኒባሳት ከቕርብ'ውን ተሓቢሩዎ ኣሎ። እዚ እንተ ሰሊጡ፡ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ክኸውን ተተሊሙ ዘሎ ሓደ ካብ ዓበይቲ መጻኢ መደባት ናይቲ ኩባንያ እዩ። ግዜ ጥዒሙ እቲ ሓሳብ ክሳብ ዝሳኸዕ እቲ ትካል ሰለይ እናበለ ዕምምቱ ከሰላስል ስለ ዘለዎ ግዱ፡ ተበላሽየን ካብ ስራሕ ደው ዝበላ ሚኒባሳቱ፡ ንሓንቲ ሚኒባስ ብውሕዱ ካብ 300 ሽሕ ክሳብ 400 ሽሕ ናቕፋ ወጻኢ ብምግባር ጸጊኑ ዳግም ኣገልግሎት ከምዝህባ እናገበረ ክንቀሳቐስ ጸኒሑን ኣሎ'ን። ከም ወጽኢቱ፡ መዓልታዊ ብጠምጓም 30 ሚኒባሳት ብምውፋር፡ ካብን ናብን ህዝቢ ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን ኣብ ምጉዕዓዝ ሰፉዕ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከባ፡ ኣብዚ መዳይ፡ ሰራሕተኛታት ኮኑ ኣባላት ናይቲ ኩባንያ ዝምስገን ኣኽይዳ ከምዝለዎም ድማ'ዩ ዝሕበር፡፡ እዚ ድማ እቲ ትካል ንህዝቢ ኣብ ዝሀቦ ኣገልግሎት ካብ ተገልገልቲ እወታዊ ግብረ-መልሲ ክረክብ ሓጊዙ ከምዝሎ ይግለጽ፡፡

እዚ ይኹን'ምበር ጉሲ'ኻን ከዊልካን ዘይሕለፍ ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታት ናይቲ ኩባንያ ኮይኑ ዝቐጽል ዘሎ ጉዳይ





ተጋዳሊት ፍረወይኒ ይግዛው

ግን ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣቕርቦት ኣብ መቐያየሪ ናውቲ ናይተን መካይን'ዩ። እተን ሚኒባሳት፡ ንውሓት ዝሃብኦ ኣገልግሎት ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ብኸቢድ ወጻኢታት ሓደሽ ሞተረ ተገጢሙለን እየን፡ ዳግማይ ናብ ስራሕ ተመሊሰን ኣብ ምግልጋል ዝርከብ ዘለዋ፡፡ በዚ መሰረት እቲ ትካል ዝዚ ንኽገብር፡ ዝጐደሎ ኣቕሓ ንምምላእ ካብ ብሕታውያን ትካላት (ካብ ውልቃውያን ነጋዶ) ብኣዝዩ ክቡር ዋጋ እናዓደገ ድማ'ዩ ዝጥቀም ዘሎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ጥዑይ ንብረት ግዜኡ እናበልካ ኣብ ክሳራ ዘእቱ ሰናዕ ንብረት ዝገዝኡሉ እዋናት'ውን ኣሎ። እዚ ከይኣክል ዝደለኻዮ ዓይነት ንብረት ከም ድሌትካ'ውን ዘይትረኽበሉ እዋን ኣሎ። እዚ ኣብቲ ትካል ኣብ ገለ እዋን ኣብ ዕለታዊ ዕማማቱ ከቢድ መሓንቖ፡ ኣብ ጉዕዞኡ ድማ ክሳራ ከምዝፈጥረሉ'ዩ ዝሕበር፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቲ ትካል ከም መፍትሒ ናይ'ዚ ጉዳይ ኢሉ ዝኣምነሉ፡ መንግስቲ ወይ'ውን እቲ ትካል ብበዓል ርእሱ ዘድልዮ ናውቲ ካብ ደገ ከእቱ ክፍቀደሉ ምስ ዝኽእል፡ 'ተገልገልቲን ትካልን ብሓባር ዝረብሕሉ ምኾነ' ዝብል'ዩ፡፡

ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ዓብይ ትካል ከም ምዃኑ መጠን ቀጻሮም ብዘየገድስ ንብዙሓት ዜጋታት ባይታ ስራሕ ፈጢሩ ክትርኢ ኢኻ ትጽቢ፡ ብርግጽ ከኣ ከም ትጽቢትና ካብ መራሕቲ ሚኒባሳትን ፎተሪናን ጀሚርካ፡ ሰታፋት፡ ክኢላታት ተክኒክ፡ ፋይናንስ፡ ተቖጻጻርቲ ወዘተ ብድምር 240 ሰራሕተኛታት ኣለውዎ፡፡ ካብዚኦም እተን 115 ደቀንስትዮ ኮይነን፡ 73 ካብኣን ፎተሪና፡ 19 ተቖጻጸርቲ፡ 10 ኣብ ቤት ጽሕፈትን ፋይናንስን ሰለስተ ድማ መራሕቲ ሚኒባስ...እየን፡፡ እተን ሰለስተ መራሕቲ ሚኒባስ (ኣውቲስታ) ሰብ ብርኪ ኮይነን ኣብቲ ትካል ተማሂረን ሞያ ምምራሕ መኪና ኣጥርየን ዝሰርሓ ዘለዋ እየን፡፡

ገለ ካብኦም ኣብቲ ትካል ዘለዉ ክኢላታት ተክኒክ፡ ኣብኡ ተማሂሮም ክእለትን ብቕዓትን ዘጥረዩ እዮም፡፡ ገለ'ውን ኣብኡ ነይሮም፡ ሳዋ ድሕሪ ምውራዶም፡ ብሞያኦም ናብቲ ትካል ተመሊሶም ከገልግሉ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስቲ ተላቲቶሎም ዝተመልሱ ይርከብዎም፡፡ ካብዚ ወጻኢ፡ ፍርያት ወጽኢት ናይቲ ኩባንያ ዝኾኑ መካኒካት ኣብ ዝተፈላለዩ ጋራጋት መንግስቲ ተመዲቦም ግቡኦም ኣብ ምፍጻም ዝርከቡ ብዙሓት ምህላዎም እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣረጋጊኡ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ብሞያ መካኒክ ዝፈርዩ መንእሰያት ክበዝሑ ኣለዎም፡ ኣብዚ መዳይ ትካልና ዓቕሙ ክዋጽኦ ኣለዎ ካብ ዝብል ቅዱስ ሓሳብ ዝበገሰ፡ ዝኾነ መንእሰይ ሞያ መካኒክ ክመሃር ዝደሊ ሓንኳይ ኣሉ ክቕበል፡ እቲ ኩባንያ ማዕጾኡ ርሒው እዩ፡፡ ካብዚ ዝበገሰ፡ ኣብ ክረምቲ ትምህርቲ ምስተዓጽወ ሞያ መካኒክ ክቐስሙ ድሌት ዘለዎም ብዙሓት መንእሰያት ከምዝውሕዝዎም ድማ'ዮም መግለጺ ናይቶም ዘዘራረብናዮም ዘጽር፡፡ እቲ ትካል ብጊደኡ ኑቶም ፍርቂ መዓልቲ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ፍርቂ መዓልቲ ድማ ኣብቲ ትካል ትምህርቲ ሞያ መካኒክ ዝመሃሩ መንእሰያት ወርሓዊ ናይ ሳምናኦም እናኸፈለ ከምዘሰልጥኖም ኣብዚ መዳይ ኣብ ደቂ ሰውኣትን ደቂ ስንኩላንን ከኣ ፍሉይ ደገፍ ከምዝገብር ድማ ተረዲእና፡፡

ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ብዘይካ'ዚ፡ ንኣብ ኩሉ ዓውዲ ንጥፈታቱ ብትግሃት ዝጠዮፉ ሰራሕተኛታቱ የተባብዕ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ መካይን ብጥንቃቐ ብምሓዝ ከይተበላሸዋ ነዊሕ ከገልግላ ዝኽኣሎም ዝገበሩ መራሕቲ መካይን፡ ዝጎበአ ጸገና ብምግባር፡ ዕደመ ኣገልግሎት መካይን ኣብ ምንዋሕ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝገበሩ ሞያውያን መካኒክ፡ እቶት ናይቲ ኩባንያ ኣብ ምኽዕባት ዚየዳ ኣስተዋጽኦ ንዝገበራ ፎተሪናታትን ካልኦትን ሰራሕተኛታቱ፡ ፍናናም ክብ ንምባል ፕሪዝን ሞራላውን ምትብባዕ ይገብር፡፡ እዚ ኩሉ ብምውህሃድ




ሌ/ኮ ገረዝግሄር ተስፋገብርኤል (ባሻይ)

ኣባላት ቦርድን ዋና ኣካያዲ ናይቲ ኩባንያን እዩ ዝፍጸም። ኣብ መንን ዕላልና ሌ/ኮ ገረዝግሄር ተስፋገብርኤል (ባሻይ)፡ ደጋጊሙን ጸቒጡን ዘስመረሉ ሓሳብ እንተነይሩ፡ ጻዕሪ ኣባላት ቦርድ ብሓፈሻ፡ ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ኩባንያ ኣቶ ዑቕቢት ባህታን ሓላፊት ምምሕዳር ቦርድ ናይቲ ኩባንያ ተ/ጋ ፍረወይኒ ይግዛውን ድማ ብፍላይ፡ ብዘይመጠን ዕዙዝ ምንባሩ እዩ፡፡

ካብ ዝምስረት 30 ዓመት ኣቝጺሩ ዘሎ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ንጥፈታቱ ንምትብባዕ ግደ መንግስቲ ከመይ ይመስል ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ብመሰረት ሓበሬታ ናይቶም ዘዘራረብናዮም ኣባላት ከኣ፡ ይዕበ ይንኣስ እቲ ትካል ዝጉበሮ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታቱ ጠመተ መንግስቲ ተፈልዩዎ ኣይፈልጥን እዩ፡፡ በዚ መሰረት፡ ብመንገዲ ሚኒስትሪ መጐዓዝያን መራኸብታትን ከምኡ ድማ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ብዘይመጠን ዓቢ ምንክብኻብ እናተገብረሉ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ትካል ምዃኑን ብዓብኡ ኸኣ ኣደህቦ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት'ውን ዕዙዝ ምዃኑ'ዩ፡፡

ካልእ፡ ብመሰረት መግለጺ ናይቶም ዘዘራረብናዮም ኣካላት፡ ከም ብድሆ ናይቲ ትካል ኮይኑ ዝቐጽል ዘሎ ኣብ ተክኒካዊ ክኢላዊ ዓቕሚ እዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ ሓደ ሓደ እዋን እቲ ትካል ቴክኒካዊ ደገፍ ደልዩ ንሚኒስትሪ ምክልኻል ዝወከሰሉ እዋን ኣሎ፡፡ እቲ ትካል ዝሓተቶ ወይ ዝደልዮ ደገፍ (ፍታሕ) ኣብ ምግባር፡ ግደ ሚኒስትሪ ምክልኻል ብሓፈሻ፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ ድማ ብፍላይ፡ ዕዙዝ ምዃኑ ሓቢሮም፡፡ በዚ ድማ፡ ንዝገብረሎም ልዑል ደገፍ ኣመስጊኖም፡፡


ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ከም መርኣያ ናይቲ መዓልታዊ ንህዝቢ ዝሀቦ ጽፉፍን ስልጡን ኣገልግሎት፡ ካብ ጥሪ ክሳብ መጋቢት ናይዚ ዘለናዮ ዓመት ዝበሩ ወርሓት፡ ኣሰታት 3,225,300 ህዝቢ ከምዘጓዓዘ ሰነዳቱ የመልክቱ፡፡ እዚ ኸኣ እቲ ኩባንያ፡ ጸገማት መጐዓዝያ ህዝቢ ኣብ ምቕላል ክሳብ ክንደይ ይድግፍ ምህላዉ ዘረድእ ጭብጣዊ ኣሃዝ እዩ፡፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ክንደዚ ዝኣክል ቀጽሪ እንተ ደኣ ኣጓዒዙ፡ ኣብ ዓመት ክንደይ ዝበዝሕ ህዝቢ ከመላልስ ከም ዝኽእል ንምቕማር ኣየሸግርን፡፡ በዚ ኮይኑ በቲ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ብዝህቦ ዘሎ ኣገልግሎት ኣብ ጽቡቕ ቁመና ምህላዉ ክንርዳእ ንኽእል፡፡



# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሰበ ስልጣን ኢራንን ቻይናን ይራኸቡ



ወጥሪ ኣመሪካን ኢራንን ብሰንኪ ምዕጻው መጻብቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ከይብእስ ተሰጊኡ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ምስ ቻይናዊ መዘናኡ ዋንግ ዪ ኣብ ቤይጂንግ ተራኺቡ ከም ዝዘተየ ተሓቢሩ።

ክልተኦም ሰበ ስልጣን ኑቲ ርክብ ዘካይዱ ዘለዉ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ኣብ በይጂንግ ምብጻሕ ከካይድ ምኻኑ ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣብ'ቲ ርክቡ፡ ኣራግቺ፡ ቻይና ናይ ቀረባ መሓዛ ኢራን ምኻና ድሕሪ ምሕባር፡ "ክልተኣዊ ምትሕብባር ኣብ ትሕቲ ህሉው ኩነታት ዝያዳ ክሕይል'ዩ" ኢሉ ገሊጹ።

ንዞባዊ ትሕተ ቅርጺ ጸዓት፡ ዓለማዊ ቀረብ ነዳዲ፡ ከምኡ ድማ ኩናት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ብቐዋምነት ደው ክብል ንዘማበር ዝርርብ ኣመልኪቱ ድማ፡ "ኣብቲ ዝርርብ ሕጋዊ መሰላትናን ረብሓታትናን ንምሕላው ዘኽእለና ክንገብር ኢና። ግን ከኣ ፍትሓውን ኩሉ-መዳያውን ስምምዕ ጥራይ ኢና እንቕበል" ኢሉ ተዛሪቡ።

ዋንግ ዪ ብወገኑ፡ ኢራንን ኣመሪካን ኑቲ መጻብቦ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ዳግማይ ክኽፍታእ ጻውዒት ከም ዘቕረበ፡ መግለጺ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ኣረዲኡ።

"ቻይና ብዘይ ወዓል ሕደር ምቁራጽ ተጻብኦ ምሉእ ብምሉእ ክረጋገጽ ኣለዎ፡" ዝበለ እቲ ብዓል ስልጣን፡ ሃገሩ ዳግማይ ተጻብኦታት ምጅማር ቅቡል ከም ዘይኮነን ዝርርብ ምቕጻል ኣገዳሲ ምኻኑን ከም እትኣምን ኣስሚሩሉ።

ኣራግቺ ናብ ቤጂንግ ዝገበሮ ዑደት፡ እቲ ኩናት ብ28 ለካቲት ካብ ዝጀምር ንደሓር ናብ'ታ ናይ ቀረባ መሓዛ ኢራን ዝኾነት ሃገር ዘካየዶ ናይ መጀመርታ ምብጻሕ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣራግቺ ድሕሪ ምጅማር ተጻብኦታት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን፡ እንተወሓደ ሰለስተ ግዜ ምስ ዋንግ ብተሌፎን ተዘራሪቡ ነይሩ።

ኣቐዲሙ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ኢራን መጻብቦ ሆርሙዝ ንኽትከፍቶ ቻይና ጸቕጢ ክትገብር ጸዊዑ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

እቲ ኩናት፡ ንዘምድና ኣመሪካን ቻይናን እውን ብኣሉታ ጸልዩዎ ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣመሪካ ብቢልዮናት ዶላር ዝግመት ነዳዲ ካብ ኢራን ይሽምታ ከም ዘለዋ ኣብ ልዕሊ ዝኸሰሰተን ቻይናውያን ኩባንያታት እገዳ ከም ዘንበረት ይሕበር።

## ስጳኛ፡ 'ብሃንታቫይረስ' ንዝተጠቕዐት መርከብ ክትቕበል ተሰማሚዓ

ስጳኛ፡ ብቐታሊ ተላባዒ ቫይረስ 'ሃንታቫይረስ' ዝተጠቕዐት ኣብ ገማግም ባሕሪ ኬፕ ቨርደ ደው ኢላ ዘላ መርከብ፡ ናብ ደሴታት ካናሪ ክትጽጋዕ ፍቓድ ከም ዝሃበት ሓቢራ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ስጳኛ ኑቲ ፍቓድ ዝሃበ፡ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ እትርከብ ኬፕ ቨርደ፡ ነታ 147 ሰራሕተኛታትን ተጕዓዝትን ሒዛ ዘላ መርከብ 'ኤምቪ ሆንዲዩስ' ክትቕበላ ከም ዘይከኣለት፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

"ደሴታት ካናሪ፡ ኣድላዪ ዓቕሚ ዘለወን ዝቐረባ ቦታታት እየን፡" ዝበለ እቲ መግለጺ፡ ስጳኛ ኑቶም ሰባት ክትሕግዞ ሞራላውን ሕጋውን ግዴታ ከም ዘለዋ፡ ሓያሎ ካብኣቶም ድማ ስጳኛውያን ከም ዝኾኑን ኣመልኪቱ።

ኣብታ መርከብ ካብ ዝርከቡ ሰባት፡ ዛጊት እቶም ሰለስተ ብሃንታቫይረስ ከም ዝተለኽፉ ክረጋገጽ እንከሎ፡ ካልኦት ሓሙሽተ ድማ ተለኺፎም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ፡ ድሒሩ ዝወጸ ሓበሬታ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣመልኪቱ።

ብመሰረት ክኢላታት ጥዕና፡ ሃንታቫይረስ ብቀልቀል፡ ምራቕን ሽንትን ናይ ከም ኣንጭዋን ምጹጽላይን ዝኣመሰሉ እንስሳታት ኣቢሉ እዩ ዝመሓላለፍ።




## "ፕሮጀክት ሓርነት ንግዚኡ ተቛሪጹ ኣሎ" ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ዘጠኦ "ፕሮጀክት ሓርነት" ዝተሰምየ ወፍሪ ንግዚኡ ከም ዘቋረጾ ዝገልጽ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ዝለጠፎ ሓበሬታ ንብዙሓት ዘገረመ ኮይኑ ምህላዉ ተሓቢሩ።

እቲ ውሳኔ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ማርኮ ሩብዮን ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ፒት ሄግሰትን እቲ ስርሒት ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝን ወሽመጥ ፋርስን ናጽነት ዳህሳስን ንግድን ዘውሕስ ምኻኑ ከስምዑዎ ምስ ንምምላስን እዩ ነይሩ።

ዓለምለኻውያን ትካላት መጕዓዝያ ባሕርን ትካላት መድሕንን፡ ብሰንኪ ኢራን ኑቲ መጻብቦ ብምዕጻዋ ክንቀሳቐሱ እኳ እንተ ዘይከኣሉ፡ ኑቲ ትራምፕ እቲ ፕሮጀክት ዕላምኡ ከም ዝወቕዐ ኣምሲሉ ዘቕርቦ ዘሎ መግለጺታት ግና ከም ዘይቅበልዎ ኣፍሊጦም ኣለዉ።

በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኑቲ ኢራን ብጽኑዕ ዝተቓወመቶ "ወፍሪ ሓርነት" ከቋርጾ ምውሳኑ፡ ንኢራን ዳግማይ



ዝወዓሉ መግለጺታት ዝገርጭ እዩ።

ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ፡ "ፕሮጀክት ሓርነት"፡ ካብ'ቲ ንኢራን ብቐጥታዊ መዳይ ጸቕጢ ንምፍጣር ዝዓለመ ዕጽዋ ወደባት ኢራን ዝተፈልየን ናጻን ወፍሪ እዩ።

ዕላማ ናይዚ ወፍሪ ድማ፡ ሰደድ ነዳዲ ናይቲ ዞባ ዳግማይ ምውሓስን ብኡ ኣቢሉ ድማ ዓለምለኻዊ ቀጎጠብ ናብ ንቡር ኩነታቱ ናብ መኣዲ ዘተ ንምምጻእ ከም ጸቡቕ ደሊት ክርአ ተሰኣ ይግበር።

ኣብ ዝመጽእ ግዜ ኣብ'ቲ ዞባ ዝፍጠር ኩነታት ብልክዕ ክፍለጥ ዘይከኣል እኳ እንተኾነ፡ ክሳብ ሽዑ ግና ኢራን ዚ ምቍራጽ ስርሒት ከም ዓወት ክትገልጾ ተኽእሎ ከም ዘሎ፡ ምስ'ቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ይሕብሩ።

## ስነ ሓሳብ ስርዓት ናዚ ጽልዋኡ ይቕጽል ኣሎ ተባሂሉ



ሕብረተ ሰብ ጀርመንን ኤውሮጳን፡ ካብ ስነ ሓሳብ ስርዓት ናዚ ፈጺሞም ከም ዘይተናገፉ፡ ሓላፊ ባይቶ ጸጥታ ሩስያን ፕረዚደንት ነበርን ዲሚትሪ መድቨደቭ ኣብ ዝጸሓፎ ዓንቀጽ ገሊጹ።

ዲሚትሪ ነዚ ዝገለጸ፡ ዝኽሪ መበል 81 ዓመት ዓወት ሕብረት ሶቭየት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ናዚ ሒደት መዓልታት ተሪፉዎ ኣብ ዘለወሉ እዩ።

ምዕራባውያን ሃገራት ታሪኻዊ ሕዳሰ ይኽተላ ከም ዘለዋ፡ ንዝኽሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ድማ ክድምስሳ ይጽዕራ ምህላወን እትወቕስ ሩስያ፡ ብፍላይ ንታሪኽ ዓወት ሕብረት ሶቭየት ኣብ ልዕሊ ናዚ ዳግማይ ጠምዚዘን ክጽሕፍኦ ይጽዕራ ከም ዘለዋ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ክትከስስ ጸኒሓ እያ።

ኣገልግሎት ስለያ ወጻኢ ሩስያ ኣቐዲሙ ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ ቻንስለር ጀርመን ፍሪድሪክ መርዝ ብፍላይ ኣብ ዘመን ስርዓት ናዚ ብዝተፈጥረ ቅሬታታት መሰረት ኣብ ልዕሊ ሩስያ ሕነ ንምፍዳይ ዝዓለመ ድፍኢት ከም ዘለዎ ገሊጹ ነይሩ።

ወሃቢት ቃል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ማርያ ዛካሮቫ ብወገና ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ገለ ምዕራባውያን ሃገራት፡ "ዓወት ሕብረት ሶቭየት ክእረም ዘለዎ ጌጋ እዩ" ኢለን ብምሕሳበ፡ ክሳብ ሕጂ ውጽኢት ካልኣይ ኩናት ዓለምን ውሳነ ቤት ፍርዲ ኑረምበርግን ከም ዘይቕበላ ገሊጻ ነይራ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኣኽርያ | 07/05/2026 | ጎደና ሸርኢት-135፡ ከባቢ ኣኽርያ | 08370238 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services